
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.269 ረቡዕ 10 ሓምለ 2024 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ኲዳዱ - ን48 ዓመታት . . .


ገጽ 5
ቀመር ህይወት


ገጽ 7

ሳዋ፡ ካብ ንግስነት ቋጣ ክሳብ ናጽ ኤርትራ

ገጽ 11
ብንያምን ሄናክን ካልኣይ ደረጃ ሒዞም


# ፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድን፡ ኣብ ኣገደስቲ ጉዳያት ዘትዮም


ስእሊ ፥ ብታእዛዘ ኣብርሃ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ፕረዚደንት ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማልያ ሓሰን ሼኽ ማሕሙድን፡ ብቐደሚ ትማሊ 8 ሓምለ ኣብ ሰዓታት ምሸት ኣብ ኣዳራሽ ሃገር ርክብ ኣካዪዶም።

ክልቲኦም መራሕቲ ኣብ ርክቦም፡ ኣብ ምምዕባል ክልተኣዊ ዝምድናን ምትሕግጋዝን፡ ከምኡ'ውን ሓባራዊ ኣገዳስነት ኣብ ዘለዎም ጉዳያት ብዕምቈት ዘትዮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ታሪኻዊ ዝምድና ኤርትራን ሶማልያን ኽልቲኡ ህዝብታት ብዘርብሕ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ብሓፈሻ - ኣብ ፖለቲካዊ፡ ጸጥታዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ባህላውን ማሕበራውን መዳያት ድማ ብፍላይ ምሕያሉ፡ ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማልያ ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ ንኤርትራ ዘለዎ ምቅሉል ኣበርክቶ ሞጒሱ።

ትማሊ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ድማ፡ ፕረዚደንት ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማልያ ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ፡ ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተሰንዩ፡ ኣብ ማእከል መሰልጠኒ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንዝሰልጥኑ ዘለዉ ኣባላት ሃገራዊ ሰራዊት ሶማልያ በጺሑ።

ፕረዚደንት ሓሰን ኑዖም ሰልጠንቲ - መሰረት ዘመናዊ ሓይሊ ኣየር ሶማልያ ከም ምዃኖም መጠን፡ ሓላፍነት ዳግመ ትንሳኤ ናይ'ቲ ኣቐዲሙ ብደረጃ ዞባ ገኖ ዝነበረ ሓይሊ ኣየር ሶማልያን ምዕቃብ ሓድነት ሶማልያን ኣብ እንግድዓኦም ከምዝኾነ ተገንዚቦም፡ ብህዝብን መንግስትን ኤርትራ ንዝተረሓወሎም ናይ ስልጠና ዕድል ብዝበለጸ ተጠቒሞም ድልውነቶም ከረጋግጹ፡ ትጽቢት ህዝብን ሃገርን ከምዝኾነ ገሊጹሎም።





ኣብ ዝሓለፉ ሓበሬታ፡ ኤርትራ ከም ኣካል ደገፉ ንህዝብን ሃገርን ሶማልያ፡ ኣብ ዳግመ ህንጻት ሃገራዊ ሰራዊት ሶማልያ ንእትገብሮ

ፕረዚደንት ሓሰን፡ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ኣብ መስርሕ ህንጻት ሃገረ ሶማልያ፡ ብፍላይ ድማ - ኣብ ህንጻት ዘመናዊ ሓይሊ ኣየር ንዝዑብርዎ ዘለዎ ኣበርክቶ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስን ፕረዚደንት ሓሰን ሼኽ ማሕሙድን ሰልጠንቲ በጺሓምዎ ብዘለዉ ደረጃ መግለጺ ተዋሂብዎም።

ኣብ ኤርትራ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ንምፍጻም ብ8 ሓምለ ፍርቂ መዓልቲ ኣስመራ ዝኣተወ ፕረዚደንት ፈደራላዊት ሪፓብሊክ ሶማልያ ሓሰን ሼኽ ማሕሙድ፡ ዑደቱ ዛዚሙ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቀድሚ ቐትሪ ተፋንዩ።



# ፕረዚደንት ኢሳይያስ ናብ ሱልጣን ዖማን መልእኽቲ ሰዲዱ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ብ8 ሓምለ - መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ሱልጣን ዖማን ሃይሰም ቢን ጣርቕ ኣብጺሑ።



መልእኽቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ምድንፋዕ ክልተኣዊ ዝምድና ዘተኩረ እዩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ሚኒስተር ዑስማንን መዛኑኡ በድር ኣልበሰዒዲን ኣብ ዝገበርዎ ርክብ፡ ክልተኣዊ ዝምድናታት ንምዕዛዝ ክካየድ ኣብ ዘለዎ ስራሓት፡ ከምኡ'ውን ኣብ እዋናዊ ዞባውን ኣህጉራውን ጉዳያትን ምዕባሌታትን ዘትዮም።

ክልቲኦም ሚኒስተራት ብዘውጽኦ፡ እቲ ርክብ - ኣብ ምምዕባል ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና ኤርትራን ዖማንን ኣገዳሲ ስጉምቲ ከምዝኾነ ተረዳዲኦም።

ዜና

# ኣብ ኣስመራን ኣቑርደትን 141 መንእሰያት ብዝተፈላለያ ሞያ ሰልጢኖም



ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ-ኣስመራ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብዓውደ-ሞያታት ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር፡ ኣውቶማቲክ፡ ምሕደራ፡ ግራፊክስን ኣርትዖት ተንቀሳቓሲ ስእሊን፡ ስራሕ ሰብ፡ ከምኡ'ውን ብምቅራጽ ተንቀሳቓስን ደረቕን ካሜራ ዝሰልጠኑ 116 መንእሰያት ተመሪቖም።

እቲ ምስ ሞያዊ መሰልጠኒ ማእከላት ብምርድዳእ ብፍርቂ ዋጋ ዝተዋህበ ስልጠና፡ እቶም መንእሰያት ሞያ ሰሪሖም ኑቦሶም ዝኽእሉሉ ባይታ ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ኣቶ ሳምሶን ክፍሉ፡ ሰልጠንቲ ብዝረኸብዎ ዕድል ዝቐሰምዎ ፍልጠት - ኣብ ምምዕባል ኑቦሶምን ከባቢኦምን ብዮዝበሪ ክሰርሑሉ ተላቢዩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ካብ ወርሒ ሚያዝያ 2024 ኣትሒዙ ክካየድ ዝጸንሐ ባህላውን ስፖርታውን ቅነ ውዳቤታት ክዘዘም እንከሎ፡ ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ 2023/24 ዝለዓለ ነጥቢ ዘመዝገቡ 21 ተመሃሮ ተሸሊሞም።

ኣብ ኣቑርደት ብተመሳሳሊ፡ ንሰለስተ ኣዋርሕ ብጽገና ኮምፕዩተር ዝሰልጠኑ ካብ ምምሕዳራት ከባቢን ሰራሕተኛታት መንግስትን ዝተዋጽኡ 25 መንእሰያት፡ ብ4 ሓምለ ተመሪቖም።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት መንእሰይ ያሲን መሓመድኑር፡ እቲ ዕላማ - መንእሰያት ሞያ ዓጢቖም መነባብሮኦም ንምምሕያሽ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ኣቶ ኢሳቕ ጥዑም፡ ብሃማመተኤ ንዝካየድ ዘሎ ንጥፈታት ድሕሪ ምምጓስ፡ ብወገን ምምሕዳር ዘድሊ ደገፍ ክግበረሎም ምዃኑ ኣረጋጊጾሎም።

# እግሪ መኸል - ኣብ ስነ-ጥንታዊ ኣሰራት ኩዕታ ተኻዪዱ

ኣብ እግሪ መኸል - ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ መዓልኣርሓ ተባሂሉ ኣብ ዝፍለጥ ከባቢ ዝተረኽበ ስነ-ጥንታዊ ኣሰራት፡ ብምትሕብባር ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ምምሕዳር ዞባ ደቡብን - ብሞያውያን ናይ'ቲ ዓውዲ ዝተመርሐ ኩዕታ ተኻዪዱሉ።

እቲ ማሳርሕ ህንጻት ዱጋ ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ እዋን ዝተረኽበ ጥንታዊ ኣሰራት - መቓብር፡ ናይ ሰብ ኣስከሬናትን ካይላታትን ከምዝጠቓልል፡ ኣብ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ክኢላ ስነ-ጥንቲ ዶ/ር ኣብርሃም ዘርኣይ ሓቢሩ።

እቲ ርኽበት፡ ንጥንታዊ ኣገባብ ስርዓት ኣቀባብራ ዝእንፍት ከምዝኾነ ብምሕባር ከኣ፡ ዕድመኡን ሓቀፍዎ ዘሎ ትሕዝቶን ንምፍላጥ - ተወሳኺ መጽናዕትታት ከምዝካየዱ ኣረዲኡ።

ኣብ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡብ ክኢላ ስነ-ጥንቲ ኣቶ ዝብረሚካኤል ዝብረስላሰ፡ ህዝቢ ዝረኸቦ ጥንታዊ ኣሰራት ኣብ እዋኑ ንዝምልከቶ ኣካል ብምሕባር - ቅርሲታት ንኸይዓኑ ዝገበሮ ዘሎ ኣበርክቶ ብምንኣድ፡ ሓላፊ ዝርአ ቅርሲታት ናይ ምትንካፍን ካብ ቦታኦም ናይ ምልዓልን ተግባራት ግን ከውገድ ከምዝግባእ ኣገንዚቡ።

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ እውን፡ ኣብ ዓዲ ክንዝፍብ - ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ናብ ከውሒ ዝተቐየረ ገረብ ከምእተረኽበ ይዝከር።

እግሪመኸል፡ ኣብ ማስመር ዓዲ-ኳላ - ካብ መንደፈራ 7 ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ።



# ኣብ መስመር ዓዲ-ኳላ - እንዳገርግስ መኪና ተገምጢላ 4 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ማስመር ዓዲ-ኳላ - እንዳገርግስ፡ ዓዲ-ኸሓተዮ ኣብ ዝተባህለ ከባቢ ብ5 ሓምለ ብዘጋጠመ ሓደጋ መኪና፡ ኣርባዕተ ሰባት ሞይቶም።

እቲ ሰዓት 5:00 ወጋሕታ ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ሰሌዳ ቁጽሪ ER-B-1456 ዝሰቐለት ትግራይቶ ዝዓይነታ ናይ ጽዕነት መኪና፡ 14 ሰባት ብሰለሲ ጸዒና ካብ ዓዲ-ኳላ ናብ እንዳገርግስ እናተጓዓዘት እንከላ - ኣብ ቀልቀለት ዓዲ-ኸሓተዮ ብምግምጣላ ዝሰዓበ ምዃኑ፡ መደበር ፖሊስ ዓዲ-ኳላ ሓቢሩ።

በቲ ሓደጋ፡ ኣብ ክሊ ዕድመ 28 ክሳብ 50 ዓመት ዝዕድመኤን ደቂ-ኣንስትዮ ከምዝሞታ፡ 7 ብኸቢድ 3 ድማ ብፈኩስ ከምዝቖሰሉ - ዝሓበረ መርማሪ ሓደጋ ምክትል ተለንተ ኣማረ ገዛህይ፡ ጠንቂ ሓደጋ ኹ ኣብ መርመራ እኳ እንተሎ፡ ልዕሊ ዓቐን ጽዕነት ክኸውን ከምዝኽእል ገሊጹ።



# ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃ-ኣስመራ 26 ተመሃሮ ኣመሪቓ

ቤት-ትምህርቲ መዚቃ-ኣስመራ፡ ብዝተፈላለዩ ዓውድታት መዚቃ ንሰለስተ ዓመት ብዮዝበርን ክልሰ-ሓሳብን ዘምሃረቶም 26 ተመሃሮ፡ ብ7 ሓምለ ብሰርትፊኬት ኣመሪቓ።

እቲ መጽኢታ መዚቃ፡ ሂርሞኒ፡ ታሪኽን ኣመዓብልኣን መዚቃ፡ ሌላ ምስ ድምጽታትን ወህደትን መዚቃ. . . ዝርከቦ 13 ዓይነታት መዚቃዊ ትምህርቲ፡ ዘመናውን ያታውን መሳርሒታት መዚቃ እውን ዘጠቓለለ ምዃኑ፡ ዳይረክተርታ ቤት-ትምህርቲ ኣቶ ኢልያስ ወልደዝብርኣል ሓቢሩ።

ኣብ መሳርሕ ትምህርቲ ንዝነበረ ብልጫታትን ብደሆታትን ብዝርዝር ዝገለጸ ኣቶ ኢልያስ፡ ዜጋታት ብባህሎምን መጉዕቶምን ንኽየሐብሩን ንክኽኽብሱን፡ መዚቃ ሓያል መሳርሒ ከምዝኾነ ጠቒሱ፡ ኩሉ ዝምልከቶ ዜጋ፡ ትምህርቲ ሰ-ጥበባት ንምዕባይ ጭብጥ ስጉምቲታት ክወስድ፣ ከምኡ'ውን ሕጽረታት ቤት-ትምህርቲ መዚቃ ኣስመራ ንምምላእ ኣበርክቶ ክገብር ተላቢዩ።

ተመረቕቲ፡ ኣብ ዕብየት መዚቃ ሃገርና ምቕሉል እጃሞም ንምብርካትን ፍልጠቶም ናብ ካልኦት ንምትሕልላፍን ኣበርቲዖም ከምዝሰርሑ ገሊጾም።

ኣብ'ቲ ዕለት፡ ጸብለልታ ዝርኣዩ ተመረቕትን ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ዓመት ንዝመሃሩ ዘለዉ ዕውታትን ሽልማት ተዓዲሉ።




ሰኣላይ - የውሃንስ መብራህቱ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ኲዳዱ - ን48 ዓመታት ዝቐጸለ ዝኽሪ ጀጋኑ!

ማርታ ክብሮም

ብዕለት 4 ሓምለ 2024፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኲዳዱ ንኡስ ዞባ ጋሉ-ነፍሒ (ዞባ ማእከል)፡ ኣብ ሓምለ 1976 - ኣብ ሓንቲ ካብ ዕለታት ቃልሲ ኣብ ማእከል ዓዲ ኲዳዱ ብድኑብያ ጸላኢ፡ በጃ ዝሓለፉ ጀጋኑ ሰማእታት ንምዝካር ኣብ ዝተወደበ ስነ-ስርዓት ንምስታፍ ኢና፡ መሬት ርፍድ-ፍድ ምስ በለ ካብ ኣስመራ ተበጊስና።

ብዘዕባ እቲ መደብ እናተዘራረብና - ከይተረደኣና፡ ናብ'ታ ኣብ ጎደቦ እምባይቶ እትርከብ ዓዲ በጺሕና። ነበርቲ ደቂ ኲዳዱ ኣብ ሓደ ዳስ ተኣኪቦም፡ ኣጋይሾም ንምቕባል ክሸባሸቡጸኒሖምና። ድሕሪ'ዚ፡ ምስኦም ቅድሚ 48 ዓመታት ኣብቲ መዓልቲ ፍጻመ ዝበኩ ተጋደልቲ ከም ኡ'ውን ኣብቲ ግዜ'ቲ ብዕድመ ንኣሽቱ ዝበኩ'ሞ ናይ ሎሚ ኣቦታትን ኣዴታትን ደቂ'ቲ ዓዲ ተመራሒና፡ ናብ



ቦታ ፍጻመ ተጓዒዝና። ኣብ'ቲ ናይ ማስዋእቲ ዕለት ኣብ ቦታ ፍጻመ ዝነበረ ተጋዳላይ ሚጀር ኣስመሮም ተስፋይን ካልኦት ደቂ ዓድን ነቲ ዝነበረ ኩነታት ብኸምዚ ዝስዕብ ገሊጾምዎ ኣለው፦

**ተጋዳላይ ሚጀር ኣስመሮም ተስፋይ**

እቲ ፍጻመ ኣብ ሓምለ 1976 ዘጋጠመ እዩ፡ ኣብ'ዚ ቦታ ዝነበረት ኣሃዱ ቦጦሎኒ 7 ናይ ህዝባዊ ሓይልታት እያ። መራሒኣ፡ ዓሊ ከቢ እዩ ዝበሃል። ካብ ሰምሃር ብመንገዲ ዞባ ቀጺልና፡ ዓዲ ኣሕደርም ዝበሃል ዓዲ ገደርና ኢና ናብ'ዚ ቦታ መጺእና። ኣብዛ ሕጂ እንዘክራ እንበዕላን ዘለና መዓልቲ፡ ሓምሻይ ዋርድያ እየ ነይረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ወዲ 14 ዓመት እየ ነይረ። ዝኸኣለ ደምሲ ስለ ዝሰማዕኩ ንመራሒ መስርዐይ ሃብዮም ወዲ ቐሺ ካብ ድቃሱ ኣተንሲአ እሕብሮ። ናብቲ ዝበርኽዎ ቦታ እኳ እንተመጽኡ፡ ደምሲ ዝበሃል ግን ክሰምዕ ኣይከኣለን። "ፈሪሕካ ኢኻ፡ ኪድ ደቅስ" ይብለኒ። ኣነ ግና ነቲ ደምሲ ሰለስተ ግዜ ሰሚዐዮ እየ። ኣብ መበል ሳልሳይ ግዜ፡ ንመራሒ መስርዐይ ዘይትኣምኖ፡ ንሓንቲ ምሳና ዝነበረት ብጻይቲ እየ ኣተንሲአያ። ንሳ ድሕሪ ምትንሳኣ፡ ጸላኢ ኣዝዩ ከም ዝቐረበና ርእያ ትሰንብድ። ኩላ ተንሲአ ብረታ ዓጢቓ፡ መስርዕና ድማ ቀዳመይቲ ተኸሲ ዝኸፈተት እያ። እቲ ኩናት ንሓጺር ግዜ - ካብ ክልተ ሰዓትን ፈረቓን ኣብ ዘይነውሕ ግዜ እዩ ተኻዪዱ። ንሕና ንቕድሚት እናኸድና እንከለና፡ ጸላኢ ኣብ ከበባ ኣእትዩ ንሓይልና በታቲንዎ። መስርዕና ኣብ ቅድሚት ስለ ዝነበረት፡ ንሕና ኢና ዝያዳ ጉዳይ ኳንና። ኣብ መወዳእታ፡ በይነይ ኣብ ቅድሚት ተረፈ። ማስርዐይ ክደሊ ንድሕሪት ምስ ተጠወኹ፡ መራሒ መስርዕና ተሃሪሙ ወዲቑ ረኺበዮ። ንመጀመርታ ግዜ ሰውእ ዝረኣኹሉ ሽዑ እዩ፡ ናይ መጀመርታ ኩናት ዝተሳተፍኩሉ እውን ሽዑ እዩ፡ ብዙሓት ካብና ተወጊኦም ይወድቑ ነይሮም። ብፍሉይ ዝዝክራ ጥምቀቱ ጓል ጸጸሩ ትብሃል ብጻይቲ ምሳና ነይራ፡ ተወጊኣ ምስ ወደቐት፡ ምእንቲ በይና ከይትመውት ጸላኢ ክትልክም ስለዝደለየት - ጸላእቲ ክሳብ ዝቐርብዋ ተጸቢያ፡ ኣብ ጥቓኣ ምስ በጽሑ፡ ቦምባ ፈንጂራ ወተሃደራት ጸላኢ ለኪማ ብጅግንነት ተሰዊኣ። ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ደንከል ዝመጽኡ ክልተ ሓያሉ ብጾት ኣብ ኣሃዱና ነይሮም፡ ኣብቲ ግዜ ዕድሚኦም ካብ 15 ዓመት ኣይሓልፍን እዩ፡ ኣብ ከበባ ኣትዮም ጸላኢ ንቲ ሓደ ክሕዞ ምስ ቀረበ፡ ሳንጃ ናይ ካላሽን ናብ ከብዱ ኣእትዩ ባዕሉ ተሰዊኡ። ዝተማረኹ ብጾትና እውን ነይሮም እዮም። ግዜ ስኢንና ዝሓደግናዮም፡ ኣብ'ቲ ህሞት እቲ ዝወደቑ ብጾትና ሓመድ ኣዳም ዘልበሶም ህዝቢ ዓዲ ኲዳዱ እዩ። ንሕና ድማ በዚ ዓዲ ገደርና ንዓዲ ቐይሕ ከይድና።

**ተጋዳላይ በረኸት ገብረሚካኤል (ሸሪፎ)**

ኣብቲ ግዜ'ቲ ወዲ 14 ዓመት እየ ነይረ። ኑቶም ስውኣት ተጋደልቲ ኣብ'ዚ ቦታ ምስ ቀበርናዮም፡ እቲ ፍጻመ ኣብ ውሽጥና ስለዝሰረጸ ኩሉ ግዜ ኣብቲ መቓብር እምኒ እናወሰኽና እናኣዐረናን ኢና ንኸይድ ነይርና። እቲ ፍጻመ ዝዓዲ ጥራይ ዘይኮነ ዳርጋ ንምሉእ ሱሓርቲ ንኻይ ምቕላስ መንፈሱ መሊሱ ከም ዝለዓዓል ገይሩዎ እዩ። ኣንጻር ጸላኢ ተሓሩ ንኽወጽኡ፡ ብዙሕ መንእሰይ እዩ ክስለፍ ተረሪእዩ። ካብ ሓደ ስድራ ሓደ መንእሰይ ምስ ዝስለፍ፡ ካልእ መንእሰይ ድማ ኣሰሩ ይስዕብ ነይሩ።

ሬሳታት'ቶም ጀጋኑ ድሕሪ ናጽነት እዩ ናብ መቓብር ሓርበኛታት ሰጊሩ። ክሳብ ሽዑ እምበኣር፡ ህዝቢ ብዙዮዮ ይከታተሎ ነይሩ። ስምዒት እዚ ህዝቢ ክትገልጾ ኣይትኽእልን ኢኻ። ስውኣቶም ድሕሪ ምቕባርም፡ ኣደይ ኢታይ ለተጻዮን ዝበሃላ - ብዘከኮኣ ሓሳብ፡ ኣብታ ጀጋኑ ዝወደቑላ መዓልቲ ጸሎተ ፍትሓት ክንብዕሉማን ንዕኦም ንምዝካር ብሓንሳብ ተኣኪቦም ክውዕሉን ተሰማሚዖም። እዚ መደብ ሽዑ ኣብታ ዓመት - ማለት ኣብ 1976 እዩ ጀሚሩ። ኩሉ ህዝቢ ሱሓርቲ፡ እቲ መደብ ኑቶም ኣብቲ ቦታ ዝወደቑ ሰማእታት ንምዝካር ተባሂሉ ከምዝተሰሰል ይፈልጥ እዩ። ጸላኢ ግና፡ ዋላ'ኳ ኣብ'ታ መዓልቲ ዝከር እናመጽአ በለ ውን ሰትዩን ይኸይድ እንተነበረ፡ እቲ መደብ ናይ ምንታይ ምኻኑ ኣይፈልጥን እዩ። እዚ ከኣ እቲ ህዝቢ ንጉዳዩ ማዕረ ክንደይ ብምስጢር ከምዝሓዞ ዘርኢ እዩ። ክሳብ መወዳእታ፡ እቲ መደብ ናይ ምንታይ ምኻኑ ጸላኢ ክፈልጦ ኣይከኣለን። ነበርቲ ዓዲ ኲዳዱን እምባይቶን ክሳብ ሎሚ ነዛ መዓልቲ እዚኣ - ብፍሉይ ኣገባብ እዮም ዝጽምብልዋ ዘለዉ። ን48 ዓመታት ፍትሓትን ቅዳሴን እናገበርካ ሰማእታትካ ክትዝክር ዘሐጉስን ዘሐጉሰን እዩ።

**ቀሺ ተኪአ ርእሶም**

ኣብቲ ግዜ'ቲ ወዲ 13 ዓመት ኲዪ፡ ኣብዛ ዓዲ እየ ዝቕመጥ ነይረ፡ ወተሃደራት ጸላኢ ብሃንደበት ብሶማኸን ዓዲ ሃሱሩን መጺኦም፡ ዝዓም ኣብዚ ቦታ ዝበኩ ተጋደልቲ ኣብ ከበባ ስለ ዘእተውዎም፡ እቶም ተጋደልቲ ፈፈንጢሶም እዮም ዝወጽኡ ነይሮም። ንሕና ድማ ንቕድመና ክንዛደም ጀሚርና። እዛ ዓዲ ሳላ እዞም በጃ ዝሓለፉ ተጋደልቲ ድሒና እያ። ካብና ዝሞተ ሰብ ኣይነበረን። ተጋዳላይ ሓጺን ዝለበሰን ዘይመወትን ኰይኑ እዩ ዝስምዓና ነይሩ። ንመጀመርታ ግዜ ማስዋእቲ ተጋዳላይ ዝረኣና ሽዑ እዩ። ኩናት ምስ ዙሓለ ናብዚ ዓዲ ተመሊስና፡ ምስ ኣያታትና ብምኻን ስውኣትና ቀበርና። ካብታ መዓልቲ ጀሚርና ድማ ጸሎተ ፍትሓት ክንንዝብረለም ጀሚርና። ሓደ ግዜ ኑታ መዓልቲ ንምዝካር ተኣኪብና እንከለና፡ ወተሃደራት ጸላኢ መጺኦም፡ ንምንታይ ተኣኪብና ከም ዘለና ሓቲቶምና። ኣቦይ ቀሺ ድማ "እዚ በዓል ናይ መድሃኒ ኣለም እዩ ንዑ ብልዑ" ኢሉ ኣምሲሉ ሰዲድዎም። ናይ ዓድና ዝምስጢርን ደስ ዝብለኒን ነገር፡ ጉዳይ ምስጢራውነት እዩ። ክሳብ ግዜ ናጽነት ድማ ምስጢርም ዓቂቦም ቀጺሎም። ኣምላኽ ንሰማእታትና ኣብ ገነት ይቀበሎም።

**ተጋዳሊት ገነት ርእሶም**

ኣብ'ዚ ዓዲ ተወሊደ፡ ኣብ'ዚ ድማ እየ ዓቢየ። ኣብ 1976 ጓል 15 ዓመት እየ ነይረ፡ ኣብ ገዛ እንከለና ጸላኢ ብመንገዲ ዓዲ ሃሱሩ ምስ ወረደን ታንክታት ጸላኢ ክቕልቀላ ምስ ጀመራን ንእሽተይ ሓወይ ሓዚለ ምስ ስድራይ ብምኻን ምስኦም ተጋደልቲ ንገዳዝ ነይርና። ናብ ዓድና ምስ ተመለስና፡ ብዙሓት ተጋደልቲ ወዲቖም ጸኒሖምና። እናኣልቀስና ክንቐብሮም ወዓልና። ፍሉይ ነገር ናይዚ ዓዲ ኣብ መንነኦም ዝበረ ወህደት እዩ። እዚ በዓል ካብ ቅድሚ ናጽነት ኣትሒዞም ኩብዕልዎ ከለው፡ ብምስጢራዊ ኣገባብ እዮም ዝነበርዎ ነይሮም። ብሓቂ፡ እዚ ን48 ዓመታት ዝቐጸለ መደብ፡ ኣብነታዊ ተግባር እዩ። ምኽንያቱ፡ ሰማእታትና ንዘክረሉን መብጽዓና ነሐድሰሉን ኣጋጣሚ ስለ ዝኾነ።

ቀጺሎም፡ ነበርቲ ምምሕዳር ኲዳዱ ምስ'ቶም ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብኡ ዝነበሩ ኣባላት ቦጦሎኒ 7 ዝነበሩ ጉዳይም ተጋደልቲ ብምኻን ብስም ኣብዚ ቦታ ዝተሰውኡ ብጾቶም -



ተጋዳላይ በረኸት ገብረሚካኤል




ተጋዳላይ ሚጀር ኣስመሮም ተስፋይ




ቀሺ ተኪአ ርእሶም



ተጋዳሊት ገነት ርእሶም

100 ፈልሲ ገረብ ተኺሎም። ኣብ መወዳእታ ኩሉ ተሳታፊ ናይ'ቲ መደብ ኣብ ናይ ሓቦር መኣዲ ድሕሪ ምምጋቡ፡ ህጻን ዴሳዊት ግጥሚ ኣቕሪባ።

ገለ ካብ ትሕዝቶ እታ ግጥሚ፦
ቅንኢዶ ክንበሎ ሕሰድና
ተበራርዮም ዝመጽኡ ክበዝሑና
ባህሊ ሃይማኖት እናበሉ ደም ዝተኽሉ
ኣይፈልጥዎን እምበር ኑቲ ጽንዓትና
ኣይንፈላለ ዝብል ተረር መርገጺና
ኣብ ሓንቲ መኣዲ ኢና ንቕረብ
ከቢብና ድማ ብሓንቲ ኢድ ንምዙብ
ምኽኣን ምስ ኣበዮም ክበፍዑና፡ ማእሰርቲ
ኣብዚሖም ማሕነቕቲ ብጃምላ
መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን
እናበሉ ተበራርዮም ክበዝሑና
ንሕና ግና ፍጹም ኣይንብርከኽን
መለስና ንቕድሚት ክንስጉም ኢና
ጽንዓትና ሓሊና. . ።



# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ሰማይ ፈሲሱ! ‘ኣበይ?’ ኣብ ሰሜናዊ ባሕሪ

*04 ለካቲት 2012*

*7:30 ድ.ቐ.*

ኣስመራ-ፍልፍል-ሸዕብ ኣስመራ

ሎሚ ካብ ብብርዐይ በዚ ዝጥቃዓልኪ ዘለኹ ስእሊ'የ ዝያዳ ከዕልለኪ'የ። ካብቲ ብኣፈይ ወይ ብብርዐይ ዝገልጾ እቲ ስእሊ ዝያዳ የዕልል፣ ዝያዳ ይፍቶ።

ትማሊ ምሸት ገዛ ምስ ኣተኹ ኵሉና ክብድብድ ኢና ኢልና። እዚ ናይ ሞንጉዳ ሓደጋ ኣሰንቢድና'ዩ። እታ መኪና ኩሉ ሳዕ እናፈራሕናያ፣ መወዳእታኣ ንሱ ኰይኑ። ነዚኣ ክትብል ጸኒሓ። እናተደረርና ናእሚ፣ “ጽባሕ ደኣ ምሳና ዘይትኸይድ፡” ትብለኒ። ናበይ እንተ በልክዋ፣ ናብ ፍልፍል! ኣብ ስራሕና፣ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት ድግስ ስለ ዘለና፣ ከም ዘይጥዕመኒ ነጊርያ። ኵሎም “ኪድ... ተርክበሉ...፡” ምስ በሉኒ፣ ንምለሰሉ ሰዓት ቅድሚ ሰዓት ክልተ እንተ ኾይኑ ክኸይድ ምዃነይ ነጊርያ፣ ደቂስና። ሰሜናዊ-ባሕሪ ምስ ብዙሓት በጺሐዮ እፈልጥ እየ። ብእኡ ኣቢልና ናብ ባጽዕ ስለ ዝኸድና፣ ሽብ-ሽብ'ዩ ነይሩ። ብዙሕ ኣየስተማቐርናዮን። ሕጂ'ውን ኣብ ርእሲ ካልእ መደብ ይኣቱ ስለ ዘሎ ክንደየናይ ክኽየፍሉ ኢለ ሓሲበ። ግን ምስ ስድራይ ኰይነ ንመጀመርታ ግዜ እዛወር ስለ ዘለኹ ጽቡቕ ተሰሚዑኒ። ንግሆ ሰዓት ሽዱሽተ ሰለስተና ተበጊስና።

ንግሆ ቍሪ ነይሩ፣ ብዘይካኡ'ውን ሰዓል ለንቅነ ቃንዛ ርእሰን ቀርጥማትን ገይራትለይ ነይራ። ዓይነይ ብዋሕዲ ድቃስ ቀይሑ፣ ገጸይ ሓቢጡን ዓጢሩን'ዩ። ኣነ ገና ካብ ምብዕጋገይ ከይተበራበርኩ፣ ኣስመራ ኸኣ ጸሓይ ከይበረቐታ ወጺእና። ክሳብ ሰረጀቓ ሓሊፍና ንጥወ ዘሎ መገዲ ኣሰልቺዩኒ እዩ። ረብሪበሉ'የ። ቅድሚ ሰረጀቓ ምብጻሕና ኮኳይ ተፈርሺሓ። ብኣኣ ቍሩብ ተበራቢረ። እናሰሓቕና ንሰሜናዊ-ባሕሪ ተጠወና። እንተ “ዒድ” ኰይኑ፣ እንተስ ኣንጊህና ተበጊስና ኈንና ዝንቀሳቐስ ሰብ፣ ዝወፍራ ኣሓን ጓሶትን ኣይረኸብናን። ቀስ እናበልና ናብቲ ሃው ዝበለ ቍልቍልን ጥውይዋይን ኣበልና። ሰሜናዊ-ባሕሪ “መዓልካ...!” ክንብሎ ደው ኢልና። እቲ ማዓሙቕ ብግመ ተሸፊኑ'ዩ። ነቲ ነዊሕ ጥውይዋይ ጽርግያ ጽቡቕ ጌርና ክንርእዮ ኣይከኣልናን። ኣብኡ ኈንካ ግን ጥውይዋይ ጽርግያ ጥራይ ኣይኰንካን እትርኢ። እቲ ግመ ነቲ ከባቢኡ ሸፊኑ፣ ንሰማይ ዝተዘርገ ኣምሲሉዎ ነይሩ። ነቲ ግመ፣ ግመ ምዃኑ ገዲፈ ብሰማይ ክወስዶ ምስ ጀመርኩ'ሞ ናብ ተምሳጠይ ሸለው ኢለ። ሃፊጽታ ናይቲ ዕሙር ግመ ኣብ ገጸይ ዛዕዛዕታ ፈጢሩ፣ ንብዕጋገይ ሓጺቡ ወሲዱዎ። ካብ ገዛ ክወጽእ እንክለኹ ገጸይ ክሕጸብ ኣይተዘከረንን። በቲ ዛዕዛዕታ ስለ ዝተሓጸብኩ ግን ብዘይ ስክፍታ ኣመት ቍርሰይ ገይረ። ፋልን ማልማላታን ዝተለኸየ ሕንባሻ ምስ ኮኳ ብኣፈይ እናቋደስኩ፣ ብኣዒንተይ ከኣ ምስትምቓረይ ቀጺለ። ክልቲኦም በቲ ዝፈርሻኽኩዎ ኮኳ ምስሓቕ ገና ኣይገደፉን። “ባዕሎም እንተ ዘይሓቲቶሙና ኣይንነግረልካን ኢና፡” ይብሉኒ እናሰሓቑ። ገዛ ጥራይ ብሰላም ንመለስ'ምበር ምንጋር ደኣ ኣበይ ክተርፍ ኢሉ። እቲ ከት-ከት ዝብል ዛሕሊ ዳርጋ ንቑልቍል ኣሳጒጉና'ዩ። ንሱ ንላዕሊ ገጹ ይመጽእ፣ ንሕና ንታሕቲ ገጽና ንኸይድ። ነዊሕ ከይከድና ደው ኢልና። ወሪድና ተዓዚብና። ነቲ ዝጸናሕናዮ ተመሊስና ምስ ጠመትናዮ ገሪሙና። “ብሓቂ ኣብቲ ጸኒሕና?” እናበልና ነተን ጻጸ ዝመስላ ድሕሬና ዝሰዕባ ዝነበራ መካይን ረኣናየን። ኣብዛ ፊትና ውሑዳት ገዛውቲ ኣለዋ። ክንደይ ተዓዲሎም። ኵሉ ሳዕ ኣብዚ ክትነብር ከምዚ ንዓና መቐረት ዘይህብ ክኸውን ይኽእልዶ? ኣነ ግን ቀኒኣሎም። ኣብ ዝተወጠሐት ከውሒ ተሰቒልና ተሳኢልና። እቲ ኣብ ትሕቴና ዝነበረ ግመ ሓጊዝና ኣብ ሰማይ ነንሳፍፍ ዘለና መሲልና። ብዘይ ንሱ እቲ ግመን




እቲ ሰማይን ሓደ'ዩ። ብየማናይ ሸነኽና ዝነበረ ትርኢት'ሞ ‘መሰክሕ’ እዩ። ኣብቲ ማዕሙቕ እቲ ግመ መሊኡ። ኪንዮኡ መሬት ትርኢ፣ ኪንዮ'ቲ መሬት ከኣ ሰማይ ትርኢ። ብካሜራ ምስ ሰኣልካዮ'ሞ ዝገደደ። ባዕልኻ ዘቃናበርካዮ'ምበር ባህርያዊ ክስተት ኣይመስለካን'ዩ።

ኣብ ሓደ ቦታ ጥራይ ውዒልካ-ክትሓድር ትኽእል ኢኻ። እናጠዓመና ሓዲግናዮ ተበጊስና። ነዊሕ ከይከድና ሳልሳይ ግዜ ደው ኢልና። ብማእከል እቲ ሩባ ናባና ገጹ ዝህንደድ ዘሎ ውሑጅ'ዩ ዝመስል። ግመ ነቲ ምብራቓዊ ሸነኽ ዘሎ ከባቢ ሸፊኑዎ'ዩ። ነቲ ሩባ-ሩባ እናመለአ ክመጽእ እንከሎ፣ ውሑድ ጩራታት ጸሓይ በቲ ደበና ሰንጢቐም ኣብቲ ግመ እንከለው፣ እቲ ጫፍ ትርኢት ናይ ሰማይ ምስቲ ግመ ተሓዊሱ፣ ዝገማዳሕ ዘሎ ማዕበል ክመስል፣ ክትርእዮ እንከለኻ “ሰማይ ፈሲሱ!” ጥራይ ኢኻ ክትብል ትኽእል። ኣብዚ ግዜ ሰሜናዊ-ባሕሪ ዘይረኣየ፣ ርእየ ኣይበል። ንሕና ብግስ ክንብል ኣባላት ኤራተል ከረን ህሩግ ኢሎሙና። ብሓደ ተሳኢልና፣ ምስ ዝመጽኣ እንተ ተሳኢልካ ኣየኽፍኣልካን'ዩ። ዒድ ኣብዛ መዓልቲ ምውዓላ ንዝበዛሕና ጠቒምና'ዩ።

ጭው ዝበለ ዱር፣ ጭው ዝበለ ጫካ፣ ንመጀመርታ ግዜይ እርኢ ኣለኹ። ነዚ ቦታ ብሕዳር 2008 ፈለማ ክርእዮ እንከለኹ ከምዚ ኣይነበረን። ዝነቐጹ ኣግራብን ሳዕርን ብብዝሒ ነይሩ። እዚ ግን ፍሉይ እዩ። ኣብ መድሓኒት መዘናግዒ ማእከል ኣዕሪፍና። እቲ ከባቢ ኣዝዩ ባህ ዘብል ሽታ ኣለዎ። ካብ ኣየናይ ገረብ ይመጽእ ምህላው ኣይፍለጥን። ኵሎም ተወሃሂዶም ንበጻሕቶም የሐጒሱና ምህላዎም ኣመስጊንናዮም ኢና። ንጹህን ምቁርን ሽታ!። ተፈጥሮ መቸም ኵሉ'ዩ። “ሰብ ብዙሕ'ዩ ዓይነቱ፡” ትብል ነበረት ዓባየይ። ተፈጥሮ'ውን ብዙሕ እዩ ዓይነቱ። ኣብ ሰብ ከምዚ ዝበለ ጽባቐ ክትረክብ ክሕሰብ ይከኣል ይኸውን፣ ክርከብ ይከኣልዶ ግን እንድዒ። ተፈጥሮ ግን ኵሉ'ዩ ዝህበካ። እቲ ክፋእ ኣኻውሕ እሳተጎመራ ደንከል ርእየዮ እንድየ፣ እቲ ኣፈጣጥራኡ ግን መልክዕን ጽባቐን ኣሎዎ። ሰብ ከምኡ ኣይኮነን።

ክንጸንሕ እናደለና ተበጊስና። ሃንደበት ዝመጽኣት መደብ ኰይና'ምበር ኣብኡ ምውዓልና። ኣብ ፍልፍል ብዙሕ ዘሐጕስ ከም ዘሎ ይፍለጠኒ ነይሩ። ግን ደው ኣበልናን። ሰለሙና ጥሒስና፣ንመገዲ ባጽዕ ገዲፍና፣ ናብ ሸባሕ ገጽና ተወንጨፍና። ዳርጋ ናብ ክልተ ጫፍ ንዘልል ዘለና እዩ ዝመስል። ኣብ ሓጺር እዋን ኣብ ክልተ ጫፋት ክብጻሕ ይከኣል'ዩ ምሽ! ንዓይ ግን ኣይኰነለይን ዘሎ። እቲ ምብጻሕ ስኢነዮ ዘለኹ ክልተ ጫፋተይ፣ ከምዚ መገዲ ፍልፍል-ሰለሙና-ሸባሕ ገይሩ ጥቕልል ዘይብለለይ ኣለይ። ሓቂ ዘረባ ኣቋራጭ ኣይፈቱን'የ። ኣቋራጭ ኣብ ተሳሲ ዓለም ኣቋራጭ ኣይፈቱን'የ ዶኸ ይብሃል'ዩ ኣለይ! ከምኡ'ዩ! ተረፍ ቅንኣይን ፍርሐይን ከይከውን እምበር። ክኸውን ይኽእል'ዩ። እቲ ንዓይ ዝመስለኒ ምኽንያትን፣ እቲ ኣእምሮይ ኣነ ኣብ ዘይበጽሖ ዘቐምጦ ምኽንያትን በበይኑ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣረ ዝበጽሖ ግዜ በበይኑ እዩ።

ጃኬትና ለጕምና ለቢስናዮ ከም ዘይጸናሕና፣ ከይደንጕና ኣውጺእናዮ። ፍኾስ'ኳ በለኒ! ከምይ ጽዕነትኒ ከምኡ ኢሉ ፍትሕ ይበለልና! ናይቲ ፍልልይ ብራኸን ጸቕጢ ኣየርን ግዲ ኰይኑ፣ እዝነይ ክሳብ ምራቐይ ዘውሕጥ ተዓቢሱ። ምስ ኣንበሃቕኩ ኸኣ ክፍት ኢሉ፣ ከመይ መፍትሑ ዘይረኸብኩዎ መዓጾታተይ ፍትሕ ይበለለይ ኣለይ! ክጥዕም!


ሰጥ ዝበለ መገዲ ሸባሕ ካብ ሓሳባትን ምስትምቓርን ከበሳ ኣልዩ፣ ናብ ኣናብራ፣ ህይወትን ኵነታት ኣየርን ሰሜናዊ መታሕት ኣሰጊሩና። ካብቶም ርእየዮም ዘይፈልጥ ኣግራብን ሽታኦምን፣ ናብዞም ሓጸርቲ ቈጥቋጥ መጺእና። “እቲኣ ትረኣየና ዘላ መስጊድ ገለብ'ያ፡” እናበልኒ እንክሎ ሻቡ ሓሊፍናያ። ከይተፈለጠና ሸዕብ ኣቲና። ንሸዕብ ኣብ ውሑድ ደቓይቕ ርኢናያ። ዕዳጋኣ፣ እንዳ ሻሂታት፣ እቲ ብሓንቲ ማይ ዝበቈለ ዕፉን፡... ወዘተ.። ኣብዚ በጺሕና ንመቓብር ግዳያት ጸላኢ ህዝቢ ሸዕብ ከይረኣናዮ ክንምለስ ኣይደለናን። እናኸድና እንክለና ከም ዝበዝሐ መቓብር ሓርበኛታት ብኣግራብ ዝተኸበበ ኰይኑ ክጸንሓና ተጸቢየ ነይረ። ገና ካብ ብርኪይ ዘይሓለፉ ስየ-ዓይነት ገረብ ጥራይ ነይሩዎ። መቸም ሓወልቲ ኣይንሰርሕ ምዃንና ነዛ ነብስና ንሓምያ ኢና። ንሓወልቲ ልብና ዝምጥን ሓወልቲ ክንሰርሕ ስለ ዘይንኽእል ዶ ንኸውን? ወይስ እቶም ሓወልትና ኣብ ነፍሲወከፍ ቤትና፣ ስራሕና፣ መዓልታዊ ናብራና ስለ ንረኽቦምዶ ንኸውን? ሓወልቲ ሸዕብ ጥራይ ዘይኰነ፣ ኣብ ኣበየ ከባቢኡ ዘለዋ መቓብር ሰማእታትና ክንርኢ እንከለና፣ ብውሽጥና ዝሰመዓና ነገር ኣሎ። ኣብዚ ቐጽሪ ግዳያት ጸላኢ ዝኾኑ ደቂ ሸዕብ ግን ሓለፋ ኣለዎ። ብፍላይ እቶም ቈልዑን ህጻናትን ኣብ ኣዒንተይ ቅጅል በሉኒ። ዝገርም'ዩ! እዚ መገዲ ብጽባቐ ክቐልወኒ ከም ዘይጸንሐ፣ ካብኡ ዝዓሙቕ ትርጉም ከኣ ኣቐሚጡለይ ጸኒሑ።

በዚ ናይ ሎሚ መገሻ ተሓጒሰ'የ። ኤርትራ ምልእቲ ርየያ ክብል ዝተርፈኒ ውሑድ እዩ። በዘን ኣብዚ ዝረኣያና ዘለዋ ኀቦታት ኣቢሉ ንኸረን፣ ኣፍዓበትን ባጽዕን ኣንፈተን ራሕቀንን ምስ ኣርኣየና፣ “ኣንታ እዛ ዓድና'ባ የብላን፡” ኢልና። ካብ ከረን ንባጽዕ ቀረባ'ዩ። ጽርግያ'ዩ ዘናውሖ'ምበር።

ጻዕዳ ስኒ ጓሶት ሸዕብ እናደጕሓና፣ ብዝመጻእናዮ ክንምለስ ጕዕዞና ጀሚርና። ንዓመታ እዛ ድግስ ናይ ስራሕና፣ ኣብ ፍልፍል ከም እነውዕላ ክገብር'የ። እምቢ ዝብል ኣይክህሉን'ዩ፣ እዚ ዝወሰድኩዎ ስእልታት ጥራይ ኣፎም ማይ ከምልኦም'ዩ።

ጃምቦ


በረድ ኣይኰነን ሰማይ'ዩ ፈሲሱ - ሰሜናዊ-ባሕሪ!



# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

## ቀመር ህይወት

15 ክፋል

**“እቲ ናይ ብሉጽ ቅንዕና ዝበሃል፡ ኑቲ ንሸኻ እትገብሮ ዘለኻ ተግባር ሰብ ይፍለጦ ኣይፍለጦ ብዘየገድስ፡ ብቕንዕና ክትሰርሖ እንከለኻ እዩ።” - ኦፕራ ዊንፍሪ**

**“እናሓንሰኻ ዋላ ኑቲ ክትገብሮ ዘይትደሊ ነገር ክትገብሮ ኣሎካ፣ ቅኑዕ ነገር ምስራሕ ኩሉ ሻብ ምቹት ዝህብ ኣይኮነን።” - ጁሊያስ ፐፐርስ**

ኩላትና ኑቲ ቅኑዕ ነገር ክንሰርሕ ኢና እንደሊ። ዋላ ሓደ ሰብ ንግሆ ተንሲኡ፣ “ኣነ ሕማቕ ሰብ ክኸውን እየ ዝደሊ።” ዝብል ሰብ የለን። ዋላ እቲ ገበነኛ ዝበሃል ሰብ፡ ኑቲ ባህሪኡ ርትዓዊ ከገብሮ እዩ ህርዲግ ዝብል።

ነፍሲ ወከፍ ሰብ ‘ጽቡቕ’ ተግባር ክፃገም ድሌት ከም ዘለዎ ዝገልጽ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ንሕና ጽቡቕ ንገብር ምህላውናን ዘይምህላውናን ብወድዓውነት ብኸመይ ክንፈልጥ ንኽእል?

ንሕና ቅኑዓት ምህላውናን ዘይምህላውናን ካልእ መዐቀኒ ክንረክብ ሃሰው ክንብል ኣይግባእን። ባዕልና ኢና ከረጋግጽ ዘለና። መሰረታዊ ዝኾነ እንምርሓሉ ስነ ምግባራዊ ሕጊ ክህልወና ይግባእ። ይኹን እምበር፡ እዚ እውን ኣኹሉ እኮ ኣይኮነን። እቲ ምንታይሲ፡ ከኣታት ቀጻሊ እዩም ዝቅያየሩ። ከንዲ ዝኾኑ ውሽጣዊ ስምዒት ናይ ቅኑዕ ነገር ምስራሕ ክይተሓለልና ክንከታተሎ ይግባእ።

ኑቲ ቀጥታዊ መንገዲ ኣፍቅሮ። ኑቲ ሰባት ከም ቅኑዕ ነገር ምኳኑ ዝዮጉኻ፡ ከየመዘንካ ተዓሚትካ ኣይትቀበሎ። ሰባት መብዛሕትኡ ግዜ ኑቲ ሐደት መሰናኽል ዘለዎ መንገዲ ክስዕብዎ እዮም ዝደልዩ። መንገዲ ሓቂ ግዱ ማእለያ ዘይብሎም ሓብጥ ገጥጥ ተጻንፎታት ዘለዎ እዩ።

ገለ ፈላሰፋታት፡ “ሓቅን ልቦናን ልክዕ ኣብ ትሕቲ ኣፍንጫኻ እዮን ዝርከባ።” በሃልቲ እዮም። እወ ህይወት እንታይ ከም ዝኾነት ብዝዮበእ ክንፈልጥ እንተ ደሊና፡ ናብ ውሽጥና ገጽና ኢና ክንጥምት ዘለና።

ኑቲ ኣብ ትሕተ-ውናና ተቐቢሩ ዘሎ ድጉል ሃብትና ክንፍትሾ ንጸዕርዶ? እቲ ዝዓመቐ ዝኽርና ኣብኡ እኮ እዩ ዘሎ። እቲ ኹሉ ክንፈልጦ ዝዮበእ ሓሳብ፡ ኣብኡ በጥ ኢሉ ደቂሱ ኣሎ። እቶም ንሕና ክንፈልጦም ዝዮበኡ፡ “ዕላማ ህይወት፡ ብኸመይ ከም እነፍቅር፡ ንናይ መጠረሽታ ብቕዓትና ከመይ ከም እንበጽሖ፡ …።” ገለ ካብ እቶም ክጥቀሱ ዝኽእሉ እዮም።

ቀንዲ ስራሕና ኑቲ ፍልጠት ናብ ወናና ምምጻእ እዩ ክኸውን ዘለዎ። እዚ ኸኣ፡ እቲ ጻዕርና ብዝዮበእ ከም ዝዝከር ምግባር እዩ!

ገለ ሊቃውንቲ ከም ዝብሉና፡ ሓደሽ ነገር ክንምህረና ዝኽእል ዋላ ሓደ ሰብ የለን። ካልኦት ሰባት ምስ እቲ ብተፈጥሮኣዊ ግንዛበና እንፈልጦ ዝበርና ጥራይ እዩም፡ ዳግማይ ንኽንራኸብ ክሕግዙና ዝኽእሉ።

‘ትምህርቲ’ ማለት ኑቲ ድሮ ኣብ ውሽጢ እቲ ተማሃራይ ተደጒሉ ዝበረ ምውጻእ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ካብ እቶም መርገጺኦም ኣብ ልዕሌኻ ክጽዕኑ ዝፍትኑ ምሁራት ተጠንቀቕ።

ንኹላትና መፋጥርትና ዝኾነ ሕልና ኣለና። እዚ ብተፈጥሮ ዝዕደለና ልቦና



እዩ። ብኸምኡ እዩ እምበር፡ እቲ ናይ ሓደ ሰብ ፋልማይ ሓሳቡ፡ መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ናይ ብሉጽ ግብሪ መልሲ ዝኸውን።

የግዳስ ሸው እንታይ እዩ ዘጋጥም? ኣብ መንጎ ሕልኽልኽ ዝበዝሖ ህይወት፡ ኑቲ ከኣታት ብኣሽት ብዝተቐሰበ ‘ስሩመንት’ ክንተግብር ንጅምር። ንሕና መብዛሕትኡ ግዜ ኑቲ ውሽጣዊ ፍልጠትና ምስማስ ንልብሶን ንዕብልኾን ኢና።

ዚ መጻወድያ ንምውጋድ፡ ኑቶም ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ እትፈልጦም ሰባት፡ “ኑቲ ካብ ነገራት ንምምላጥ ዝገብሮ ዘለኹ ኣተና፡ ርትዓውነት ከልብሶ ዘለኒዶ ይመስለኩም?” ኢልካ ሕተቶም። ወይ ኑቲ ባዕልኻ ርትዓውነት ናይ ምልባስ ተጸሚደካዮ ዘለኻ ኣካይዳ ልክዕ ካልኦት ሰባት ከም ዝገብርዎ ዘለው ብምቕጻር፡ ናጻ ኸኒኻ ክትግምግሞ እሸካ ፈትን።

ናብ ውሽጥኻ ገጽካ ጠምት። ሓንሳእ ደው በል እሞ፡ ንገዛእ ርእስኻ ብዕምቈት መርምራ። ንገዛእ ርእስኻ ብየውታ፡ “እቲ ኣነ ክገብሮ ዘለኹ ቅኑዕ ነገር እንታይ እዩ?” ኢልካ ብዘይ ቃል-ዓለም ሕተታ።

ንዕሉታዊ-መዝገብካ ብጽፈት ክትሕዞ ኣሎካ፡ እቲ ንገዛእ ርእስኻ እተቕርቦ፡ “ኣነ ምሉእ ብምሉእ ቅኑዕ ድየ?” ዝብል ሕቶ፡ ክሳብ ክንደይ እዩ ውሽጣዊ ዕግበት ዝፈጥረልካ? ነዚ ሕቶ እዚኡ፡ “እወ” ዝብል መልሲ ብምሃብ ጥራይ፡ ንገዛእ ርእስኻ ኩቶ ክትጥብራ ኣይግባእን እዩ።

እሙን ሰብ ምኳን ኣብ ርእሱክብሪ ኣጉዲሲ ረቒሒ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ግቡእና ካብ ምፍጻም ክንዝድም እንከለና፡ “ኤእ! … ከምኡ ኣይትግበር!” ክብለና እንከሎ ሕልናና ይሰምዖና እዩ። ዋላ ኑቲ ብድሆ እንተ ኣወገድናዮ፡ ጌጋ ክንፍጽም እንከለና ክሳብ ውሽጥና ይፍለጠና እዩ።

ሕልና ሓያል ደፋኢት እዩ። ብቕንዕና ንህይወትና ክንመርሓ ማእዘን የትሕዘና። በቲ ቀጥ ዝበለ መንገዲ ከም እንጓዓዝ ድማ ይገብረና። ንሕልናና ኩቶ ጨብረቕረቕ ከብሎ ወይ ክንጨማልቖ ኣይግባእን። ንሕልናኻ ብጽሞና ስምዓዮ። ኑቲ ሐዚ ዘለኻ ስራሕ ኣብ ምዕማም ከም ዝተሓጋገዞ ኸኣ ግበሮ።

ብድሕሪ ኣብ ዝኾነ ውሳኔ ምብጻሕካ፡ ደው በል። ኑቲ ቅኑዕ ምርጫ እንተ ወሲድካ፡ ጽቡቕ ስምዒት ባህታ ክሰርጸካ እዩ። ዝኾነ ይኹን ረብሻ ምጥርጣር ኣይክስዕዮካን እዩ። ዝኾነ ድጉል ዛዕባ ኣይክህልወካን እዩ። በቃ ንጹህና ክስምዓካ እዩ።

ሕጂ ነዚ ሓይሊ ሕልና ሓንኩኽካ ተጠቐመሉ። ቀዳማይ ውሳኔ ናብ ምውሳድ ምህንዳድካ፡ “ነዚ ምስ ሰሪሕኩዎ እንታይ ዓይነት ስምዒት ክሰርጸኒ እዩ? ባህታ ወይ ጸልኣት?” ብምባል ንገዛእ ርእስኻ ሕተታ። ከምዚ ዓይነት ልምምድ፡ ኣብ ምልላይ ‘ቅኑዕ ኣንጻር ጌጋ’ ኣብ ምድሃብ ክሕግዘካ እዩ።

ሓደ ካብ እቶም ዝያዳ ተደጋጊሞም ምስምሳት ዝኾኑ ቃላት፡ “ኣነ ኣይክእሎን እየ።” ዝብሉ ቃላት እዮም። ኣብ መዓልቲ ክንደይ ግዜ “ኣነ ንሰባት ክሕግዝ ድሌት ኣሎኒ። የግዳስ ዓቕሚ የብለይን። …” ዝኣመሰሉ ዘረባታት ካብ ካልኦት ሰባት ኣጋጢሞምኻ ኣለው።

ኑቲ “ኣነ ኣይክእሎን እየ” ዝብል መልሰኻ፡ “ኣነ ኣይክውዕሎን እየ” ብዝብል እንተ ደኣ ተኪእካዮ፡ ኣብ እቲ እትወስዶ ስጉምቲ እውን ለውጢ ትገብር ኢኻ።

“ኣነ ኣይክእሎን እየ” ማለት ኑቲ ነገር ክሰርሖ ሓይሊ የብለይን እዩ ዘመልክት። ብመንጽሩ፡ “ኣነ ኣይክውዕሎን እየ” ማለት፡ ኣነ ክሰርሖ ክእሉት ኣሎኒ፡ የግዳስ፡ ምርጫይ ንኸይሰርሖ እዩ። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ “ንዕኡ ንኽሰርሖ ስምዒት ኣይህበኝን እዩ።” እዩ ዘሰምዕ።

ብኻልእ ወገኑ፡ ምኽኒት ካብ ምእላም ተቖጠብ። ‘ግዳ’ ዝብል ቃል ተባዚሑ እንተ ደኣ ኺኢንካ፡ ቅኑዕ ነገር ንኸይትሰርሕ ሓሊኹ ክሕዘካ እዩ። “ግዳ” ዝብል ቃል ካብ ኣፍካ ክመልቐ እንከሎ እንተ ደኣ ተፈሊጡካ፡ ኑቲ ቅኑዕ ነገር ንኸይትሰርሕ ምስምሳ ተቐርብ ከይትህሉ ጽቡቕ ገደርካ ኣስተብህሎ። እንተ ክኢልካ ብኡኡ ንቡኡ ክትእርሞ ክትፍትን ኣሎካ። “ግዳ” ንዝብል ቃል ቁጢብካ፡ ንገዛእ ርእስኻ ክትቈጻጸር ጀምር።

ገዛእ ርእስኻ፡ “ኣነ ኣይክእሎን እየ።” ክትብል እንከላ እንተ ደኣ ሐዚካያ፡ ኣብ ክንድኡ “ኣነ ኣይክውዕሎን እየ።” ኢላ ከም እትእርሞ ኣዘኻኽራ። ናይ ብሉጽ ብዙሓ ንሸኻ ትኽእሎ ምኽንያትን ዘይምኽንያትን ኣይትጨነቕ። ኑተን ቃላት ካብ ኣፍካ ብየውታ ምውጻእ ጥራይ፡ ንሸኻ ኑቲ ውሳኔኻ ክሳብ ክንደይ ከም እትቈጻጸሮ ክጉልሖ እዩ። ንደረት ትርኢትካ ኣስፊሑ ድማ፡ ሓደሽ ዕድላት ዓወት ከርሕወልካ እዩ።

ቅኑዕ ካብ ጌጋ ኣብ ምፍላይ ንቑሓት ክንከውን ይግባእ። ሓንቲ ኣብነት እስከ ንወሰድ። ኣቶ ሃይለ ንሓደ ሰራሕተኛ ሓንቲ ኣቕሓ ንኸጽግኑሉ ስራሕ ቈጺሮም። እቲ ሰራሕተኛ ነታ ኣቕሓ ክጽግና ሓኺሙ እናበለ እንከሎ፡ እታ ኣቕሓ ኣብ ኢዱ ተሰይራቶ።

ብመሰረት ሕጊ እታ ዝነበረላ ሃገር፡ እቲ ሰራሕተኛ ነታ ኣቕሓ መተካእታ ክገዝኣላ ግዴታ ኣለዎ። ይኹን እምበር፡ እቲ ሰራሕተኛ ድኻ ስለ ዝኾነ፡ ኣቶ ሃይለ ነታ ኣቕሓ ንኽትክኣሉ ኑቲ ሰራሕተኛ ከገድዶ ኣይደለዩን። ከም ወጻኢቱ ምሕረዎ ማለት እዩ።

ንጽባሒቱ ወዮ ሰራሕተኛ ንኣቶ ሃይለ ከሰሶም። እቲ ምኽንያት፡ ኣቶ ሃይለ ኑቲ ሰራሕተኛ ናይ እታ መዓልቲ መሃያ ስለ ዘይከፈሉ እዩ። ውሳኔ ናይ እቲ ዳኛኸ እንታይ ኩኑ?

ኣቶ ሃይለ ኑቲ ሰራሕተኛ መሃያኡ ክኸፍሉ ተበዪኖም። “ጉዳይ ሰዓታት መሃያ – እቲ ሰራሕተኛ ፍረ ጻምኡ ክረክብ መሰሉ ስለ ዝኾነ – ካብ ጉዳይ እቲ ኣብ ኣቕሓ ዝወረደ ዕንወት እሞ ኣቶ ሃይለ ዝገበሮ ሕድገት ዝተፈልየ እዩ።” ዝብል መጉት እዩ እቲ ዳኛ ኣቕሪቡ።

እዚ ኣብነት ዘርእዮና ነገር እንተ ሃልዩ፡ ኣቶ ሃይለ ኑቲ ንብረት ዘጥፍኡ ሰራሕተኛ ይቕረ ብምባል – ቅኑዕ ነገር ከም ዝሰርሑ እዩ ዝሓስብ። ይኹን እምበር፡ ንሱ ኑቲ ሰራሕተኛ መሃያ ብዘይምኽፋሉ ግቡኡ ኣብ ምፍጻም ሓንጊዱ እዩ።

እዚ እዩ እምበኣር፡ ምስምስ ምፍጣር ዝበሃል!

ካልእ ኣብነት ብዛዕባ ልግሲ እውን ክንወስድ ንኽእል ኢና። ንሓደ ሰብ ብልግሰኻ እናሓገዝካዮ ክንሰኻ ክተሰቕዮ እውን ትኽእል ኢኻ። እቲ ኹሉ እትገብሮ፡ ኣብ እቲ ብኸመይ ገይርካዮ እዩ ዝምርኮስ። ሓደ ድኻ ሰብ ኣብ ኣፍደገ ገዛኻ ኩይኑ ይልምነካ ኣሎ እሸካ ንበል። ንሸኻ ኸኣ፡ ሓንቲ ናቕፋ ናብ ገጹ ደርቢኻሉ፡ ኑቲ ማዕጾኻ ብሓይሊ ገው ኣቢልካ ዓጺኻዮ። ንሸኻ ኑቲ ጽጉም ስለ ዝሓብካዮ፡ ምናልባት ንዓኻ ግቡእካ ዝፈጸምካ ኩይኑ ይስምዓካ ይኸውን። የግዳስ፡ ኑቲ ጽጉም ሰብ መፈጠሩ ክሳብ ዝጸልእ ኣዋሪድካዮን ሓሚሺካዮን ኢኻ።

ምስ ሰባት ክትራኸብ እንከለኻ፡ “ቅቡል ዝበሃል እንታይ እዩ?” ኢልካ ንገዛእ ርእስኻ ሕተታ። ንወለድኻ፡ ኣሕዋትካ፡ ዓርኩመሓዛትካ፡ መሳርሕትኻ፡ ኣሰራሕትኻ … ብኸመይ ክትቀርቦም ከም ዘለካ ኣቕዲምካ ኢኻ ኣብ ግምት ክተእትዎ ዘሎካ።

ግቡኣት ወይ ግዴታታት መብዛሕትኡ ግዜ ብመልክዕ ውዕል ወይ ስምምዕ ብንጹር ኣተጻሒፉ እዮም። ይኹን እምበር፡ ገለ ነገራት ንኽትሰርሖም ቅጉዓት እዮም - ዋላ ብቴክኒካዊ መዳይ ከም ግቡኣት ወይ ግዴታታት ዘይወሰዱ እንተኾኑ። እዚኣቶም እዮም ዝለዓሉ ደረጃ ጭውነት እዮም ክበሃል ይኽእል።

ንኣብነት፡ ወለዲ ንደቆም ከዕብዩ ዘይፍንቅልዎ እምኒ የብሎምን። ብሉጽ መብዛሕትኡ ወላዲ ንደቁ ንኸዕቢ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ እዩ ዝሃልኹ። ወለዲ ንደቆም ከዕብዩ ብወለንታኦም ስለ ዝዑበርዎ፡ ንዝገበርዎ ወጻኢ ብሕጋዊ መዳይ ዝርኽቡሉ መንገዲ ኩቶ የለን። እንተኾኑ ንወለድኻ ይሸምግሉ ኣይሸምግሉ፡ ናትካ ሓገዝ የድልዮም ዋላ ኣየድልዮም፡ ኣብ ጎድኖም ኴንካ ኣሊይ መሊይ ክትብሎም ሕልናዊ ግዴታ ከም ዘለካ ኣይጠፍኣካን እዩ።

ኑቲ ቕኑዕ ነገር ክትሰርሕ እንተ ደኣ ደሊኻ፡ ክንዮ ደረት እቲ ቅኑዕ ዝበሃል ክትሰግር ክትሕልን ኣሎካ። ንገለ መግለጺታት ከም፡ “ኑቲ ጐሓፍ ክጸርግ ናተይ ተራ ወይ ሪጋ ኣይኮነን” ወይ “ኣነ ኣብ ኣውቶቡስ ከተማ ካብ እቲ ኮፍ ዝበልኩሉ ተሰኣ ካብይ ንላዕሊ ንዝተጸገሙ ሰባት ኮፍ ክበሎም ግዴታ የብለይን” ምባል ኣቋርጽ።

ንኣመለኻኽታኻ ኣመዓራርዮ። ብድሕሪሉ ኑቲ ቅኑዕ ኩይኑ ዝረኣየካ ካብ ምግባር ኩቶ ዓይንኻ ኣይትሕሰ። ዋላ ክንዮ እቲ ግቡእካ ዝበሃል ሰጊርካ ንሰባት ክትሕግዝ ክትምጠጥ ኣሎካ።

ንኻልኦት ሰባት ብኸመይ ከም እትልግሰሎም ተማሃር። ብድሕሪ እዚ፡ ጽቡቕ ምግባር ክሳብ ክንደይ ተመሊሱ ክሕግዘካ ከም ዝኽእል ኣቕልበሉ። ናብ እዚ መንገዲ እዚ ዝያዳ ኣርሒቕካ ምእንቲ ክትምርሽ፡ ዋላ ውዕል ወይ ስምምዕ ኣይሃልኻ፡ ንብዓል መን ዝያዳ ክትሕግዝ ወይ ከተገልግል ከም እትደሊ ነዊሕ ዝርዝር ኣብ ደብተርካ ኣውጽእ።

እቲ ዝርዝርካ ነዚም ዝስዕቡ ዝሓቑፈ ክኸውን ይኽእል እዩ፥

- ወለድኻ፡
- ኣሕዋትካን ኣሓትካን፡
- ብዓልቲ ቤትካ፡
- ዓርክን መሓዛትካ፡
- ሕብረተሰብካ፡
- ፈጣሪኻ፡ …
- ንገዛእ ርእስኻ፡ …

**“ተበግሶ ማለት ሰባት ከይነገሩኻ እንከለው፡ ባዕልኻ ቅኑዕ ነገር ምስራሕ እዩ።” - ቪክቶር ሁጎ**

**“ዓወት ማለት ብዛዕባ ዘይምሕላል ከምኡ እውን ብዛዕባ ንዊሕ እዋን ቅኑዕ ነገር ምስራሕ እዩ።” - ብሩስ ራውነር**

**ይቕጽል**

# ጸጋታት ባሕሪ

## ንቕታ ባሕሪ - ዳህሳስ ጽባቐን ምስጢርን ባሕሪ!

ምስግና ተስፉ

ንቕታ ባሕሪ (Diving) ማለት ኣብ ትሕቲ ባሕሪ ኣቲኻ ክትደህስስ፡ ክትሰርሕ ወይ ክትዘናጋዕ ከለኻ'ዩ። ኣመጻጽኣ ንቕታ ባሕሪ ክንርኢ ከለና፡ ብግሪኻዊ ፈላስፋ ኣሪስቶትል ብኢዱ ዝጸሓፎ ጽሑፍ ከምዝሕብሮ፡ ብ332 ቅልክ ሰራዊት ኣሌክሳንደር ዓ.ዓ. ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ ጥንታዊት ከተማ ተይር ማርሳታት ንምጽራግ ይጥቀሙሉ ከምዝነበሩ ይሕበር። ኣብ'ቲ እዋን ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ናይ ጥልቀት መሳርሒ ካብ ዕንጨይቲ ዝተሰርሐ ቅርጺ ብርሚል ዘለዎ ኮይኑ ተኾቲት ኣብ ርእሶምን ላዕለዋይ ክፋል ኣካላቶምን የእትውዎ'ሞ፡ እቲ ኣብ ውሽጢ ብርሚል ዘሎ ጸቕጢ ኣየር ማይ ከምዘይኣቱ ይገብሮ። ብድሕሪዚ ኣብ ውሽጢ'ቲ ብርሚል ዝፍጠር ኣየር ዝመልአ ክፍት ቦታ ኑቲ ተኻቲ ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ንሓጺር ግዜ ከተንፍስን ክርእን የኽእሎ።

ምህዞ ደቂ-ሰብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናማዕበለ ኣብ ዝመጽኣሉ እዋን፡ ንቕታ ባሕሪ ኣብ ዳህሳስን ካልኦት ንጥፈታት ባሕርን ከም ሓደ ኣገዳሲ መሳርሒ እናኾነ መጺኡ። ካብዚ ብምብጋስ ከኣ ሓያለ ምምሕያሻት እናተገብረሉ ኣብዚ ሕጂ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ በጺሑ።

ኣብ 17 ክፍለ ዘመን ገለ ዝተመሓየሹ መሳርሒታት ንቕታ ባሕሪ ክቀላቐሉ ጀሚሮም። ኣብ 1616 "ፍራዝ ከለር" ዝተባህለ ጀርመናዊ ንተኻቲ ክሳብ እግሩ ዝሸፍን እኹል ኣየር ክሕዝ ዝኽእል ጃብ ዘለዎ ኣብ ባይታ ባሕሪ ዘጽንሖ ዝተመሓየሸ መሳርሒ ንቕታ ባሕሪ ሰሪሑ።

ኣብ 1716፡ ኢድመንድ ሃሊይ ዝተባህለ እንግሊዛዊ ኣስትሮኖመር፡ ኣብ 18 ሜትሮ ንዑትን ፈረቓን ኣብ ውሽጢ ማይ ክጸንሕ ዝኽእል መሳርሒ ኣማዕቢሉ። እዚ ካብ ዕንጨይቲ ዝተሰርሐ ብርሚል ማሰል መሳርሒ፡ ማሳኮት መእተዊ ብርሃንን ብቐርበት ዝተሰርሐ ቱቦን ዝተገጥመሉ እዩ። እቲ ኣየር ዝመልአ ብርሚል ምስ'ቲ ቅርጺ ቃጭል ዘለዎ መሳርሒ መተንፈሲ ብቱቦ ይራኸብ'ሞ፡ እቲ ብርሚል ትሕቲ መሳርሒ መተንፈሲ ምስ ኮነ እቲ ብታሕቲ ዘሎ ብርሚል ጸቕጢ ምስ በዝሐ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ኣየር ይጭብጦ ብድሕሪዚ እቲ ኣየር ንላዕሊ ገጹ ናብ'ቲ መተንፈሲ ይድይብ፡ እቲ ሓንባሲ ከኣ ብቐሊሉ ከስተንፍስ ይኽእል።

እዞም ኣቐዲሞም ክመጹ ዝጸንሑ መሳርሒታት ንቕታ ባሕሪ ሓደጋታትን ዘይምቹኣትን'ዮም ነይሮም። ኮይኑ ግን እዚ ኣብዚ እዋን ዘሎ ዝተራቐቐ መሳርሒታት ዓ.ኣ ኣብርክቶ ነይርዎም'ዩ። እዚ ኣብዚ እዋን ተማሂዙ ዘሎ መሳርሒ ዕትሮ መትሓዚ ኣየር ዝሓዘ ካብ "ኣቓዋ" ዝተባህለ ንጥረ ነገር ዝተሰርሐ ኮይኑ፡ ኣብ ዓሚቕ ማያዊ ክፋል ንልዑል ጸቕጢ ማይ ክጻወር ዝኽእል እዩ። ብዘውሳኺ ናይ መራኸቢ መስመር፡ ብርሃንን መወዓይን ዝሓዘ ኮይኑ ንተኳቲት ውሑስን ምቹእን ናይ ስራሕን ምዝንጋዕን ሃዋህው ይፈጥረሎም።

ንቕታ ባሕሪ ኣብ ምሉእ ዓለም ፍሉጥ'ዩ። መብዝሕትኡ ግዜ ኣብ ውቅያኖሳትን ባሕርታትን ዝፍጸም ኮይኑ፡ ኣብ ቀላያት፡ ሩባታትን ሪህያታትን'ውን ይፍጸም'ዩ። ከም ልሙድ ገለ ሓንበስቲ ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ ባሕሪ ኮይኖም ክሳብ 2 ሜትሮ ጥልቀት ዘለዎ ዕምባባታት ባሕሪ ንምዕዛብ ንዊሕ ሻምብቆ መተንፈሲን መጽር ባሕርን ብምጥቃም ገጾም ንትሕቲ ባሕሪ ብምግባር ዝጥቀምሉ "ስኖርክሊንግ" (snorkeling) ይበሃል። መብዝሕትኦም ተኳቲት ግን ኦክሲጅን ተጸጊዖም ኣብ ትሕቲ ማይ ናይ ምስትንፋስ መሳርሒ (SCUBA) ብምጥቃም ዝሕንብሱ እዮም። እዞም ሓንበስቲ ኣየር ዝመልአ ዕትሮ ተሰኪሞም'ዮም ጥልቀ ዝኣትዉ።

ንቕታ ባሕሪ ኣዝዩ መሳጢ ንጥፈት ብምዃኑ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብዙሓት ሰባት ክስተማቕርዎ ጀሚሮም ኣለዉ። ማሕበር ሞያውያን መማህራን ንቕታ ባሕሪ (PADI) ከምዝሕብሮ ኣብ ዓለም ኣስታት 6 ሚልዮን ተኾቲት ኣለዉ። ገለ ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ንዝካየዱ ምርምራዊ ስራሓት ክንቁቱ እንከለዉ ገለ ድማ ኣብ ትሕቲ ባሕሪ ዝርከብ ዝተኣሉ መራኸቢን ብዕትታትን ንምዕዛብ'ዮም። ውሑዳት ከኣ ንንግዳዊ ወተሃደራውን ስራሓት ዝንቁቱ'ዮም። ዝበዝሑ ተኾቲት ግን ንስፖርትን ምዝንጋዕን ይንቁቱ። እዚ ዓይነት ንቕታ ክሳብ 40 ሜትሮ ዕምቈት ክበጽሕ ከሎ፡ ካብዚ ንታሕቲ ዝግበር ግን ተወሳኺ ምዕቡል ስልጠና የድልዮ።

መሳርሒታት ንቕታ ባሕሪ ብዓይነትን ቦታ ንቕታን ይፈላለይ እዩ። እዚ ማለት ተኾቲት ጥልቃን ሓንበስቲ ላዕለዋይ ጸፍሒ ባሕርን ዝተፈላለየ ዓይነት መሳርሒታት ይዓጥቁ። ኣብ ኩሎም ዓይነት ንቕታ ባሕሪ ብዙሓት ማሰረታውያን መሳርሒታት ኣለዉ። ንኣብነት ዝኾነ ድማ ተኾቲት ኣብ ትሕቲ ማይ ኮይኖም ከስተንፍሱ ብልዑል ጸቕጢ ኣየር ዝመልአ ዕትሮን ምስ ዕትሮ ዝተታሓሓዘ መጣቒ ኣየርን ይዓጥቁ። እዚ መጣቒ ኣየር ኑቲ ኣብ ዕትሮ ዘሎ ልዑል ጸቕጢ ኣየር ምስ ናይ ማይ ጸቕጢ ብምምዕርራይ ተኾቲት ብጥዑይ ከስተንፍሱ ይሕግዞም። እዚ መጣቒ ኣየር ኣርባዕተ ትቦታት ይሕዝ። ቀዳማይቲ ትቦ ካብ ዕትሮ ናብ ኣፍ ትኣቱ ኮይና፡ ንመስተንፈሲ ተገልግል'ያ። ካልኣይቲ ከኣ ካብ ዕትሮ ናብ ከም መንሳፈፊ ኮይኑ ዘገልግል ዝፍሓ ጃኬት ትኣቱ'ያ። እዚ ድማ ንተኾቲት ኣየር ብምውሳኽን ብምጉዳልን ክብደን ስጠቕን ብምግሉ ምንሳፍፍም ብዘይምጽኣ ክቆጻጸሩ ይሕግዞም። ሳልሰይቲ ትቦ ድማ ካብ ዕትሮ ናብ መቆጻጸሪ ማጠን ኣየር ኣብ ዕትሮ ዝሕብር መሳርሒ ትገጥም'ያ። እዛ መሳርሒት ዓቐን ኣየር ኣብ ዕትሮን ዕምቈት ጥልቃን ትሕብር። እታ ራብዓይቲ ትቦ ድማ ከም መተካእታ ናይ'ታ ካብ ዕትሮ ናብ ኣፍ እትኣቱ ቀዳመይቲ ትቦ ኮይና ተገልግል'ያ። እዛ ትቦ መሓለውታ ኮይና፡ ጸምዲ ኮይኖም ኣብ ዝሕንበሱሉ እዋን እቲ ካልኣይ ሓንባሲ ኣየር ምስ ዘውድእ ቦታ መሓለውታ መስተንፈሲት ትቦ ብምጥቃም ካብ ብጻዩ ኣየር ይስሕብ። ብዘውሳኺ ቀዳመይቲ ትቦ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ ኣፍ ምስ ትወጽእ ወይ ምስ ትበላሾ ኑታ መተካእታ ይጥቀሙ።

ማይ ባሕሪ ከረት ጸንበል ናይ ምግል ባህሪ ስለዘለዎ፡ ተኾቲት ድማ ንውሽጢ ክኣትዉን ኣብ ውሽጢ ማይ ንኽጸንሑን ዘኽእሎም ካብ 2.3 ክሳብ 4 ኪ.ግ ክብደት ዝማዙ ሓጻውን ማዕረ ብማዕረ ብምፍንታት ኣብ ቁልፌ ተኣሲርም ኣብ ሽምጢ ይዕጠቑ። ብዝሒ ናይዞም ሓጻውን ከም ክብደት ናይ'ቲ ተኻቲ ይፈላለ። ኣብ ግዜ ሓደጋ ብቐሊሉ ክፍታሕን ተኾቲት ድማ ብቕልጡፍ ንላዕሊ ክወጹ መታን እዚ ቁልፌ ብቐሊሉ ዝፈስርን ዝፍታሕን ክኸውን ኣለዎ። ብዘውሳኺ ቀጸላታት ባሕሪ ዝተፈላለየ ዓቐን መቐት ስለዘለዎም ምስ ዕምቈት ንዝፍጠር ዛሕሊ ዝለኣኽል ምሉእ ክዳን ይለብሱ። ከምኡ'ውን ንምቹእነትን ፍጥነት ምሕንባስን ዝሕግዝ ክንፌ ዓሳ መሰል ቅርጺ ዘለዎ ጫማ ይወድዩ። እዚ ማለት ተኾቲት ኣእዳዎም ንምጽሓፍን ንምስኣልን ስለዝጥቀምሉ፡ ብእግሮም ጥራይ'ዮም ዝሕንበሱ።

ተኾቲት ኣብ ግዜ ሓደጋ ክዓጥቑዎ ዝግበኦም ነገራት፡ ኣብ ግዜ ንቕታ እቶም ሓንበስቲ ኣብ ባይታ ባሕሪ ዘጽንሓ ገመድ ናይ ሰብዑት ወይ ኣትክልቲ ባሕሪ ምስ ዝሕዞም ንምቑራጽ ዝጥቀሙሉ ካራ፡ ፊሽካ፡ መብራህቲ፡ መተካእታ ዕትሮ፡ ሬድዮ ርክብ፡ ቀዳማይ ረድኤት፡ ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ምልክታት የድልዮም። እዞም ምልክታት ኑቶም ተኾቲት ብውሽጣዊ ምንቅስቓስ ባሕሪ ኣንፈቶም ንኸይስሕቱ ይሕግዞም።

ንቕታ ባሕሪ ኣዝዩ ጥንቃቐ ዘድልዮ ዓይነት ምሕንባስ ስለዝኾነ ብሕጊ ማሕበር ሞያውያን መማህራን ንቕታ ባሕሪ ኣብ ግዜ ጥልቃ ክልተ ተኾቲት ብሓንሳብ ኺኺ ንኺ ክኸዱ ኣለዎም። ብዙሕ ክፈናተቱ ስለ ዘይዓበሎም ድማ እንተበዝሐ ናይ ሓደ ሜትሮ ርሕቀት ክህልዎም ይግባእ። እዚ ከኣ ኣብ ግዜ ሓደጋ ብምልክት ቋንቋ ተኾቲት ብቐሊሉ ብኢደም ብምትንኻፍ ክረዳድኡ የኽእሎም።


ሓደጋን ናይ ድሕነት ስጉምቲ ኣብ ግዜ ንቕታን፡ ኣብ ግዜ ንቕታ ሓደጋ ብእንስሳታት ባሕሪ ዘጋጥም'ኳ እንተኾነ እቲ ቀንዲ ግን ምስ ጸቕጢ ኣየርን ምስትንፋስን ዝተሓሓዘ እዩ። ተኾቲት ኣብ ግዜ ስልጠና ብዘወሃቦም መምርሒታት ድሕነትን ዘይምስዓር ደረት ጥልቃን ኑቲ ዘጋጥም ሓደጋ ከጉድሉ ይኽእሉ።

እቲ ቀንዲ ንተኾቲት ዘጋጥሞም መቐሰልቲ ምስ ጸቕጢ ኣየር ዝተሓሓዘ እዩ። ኣብ ግዜ ንቕታ እቶም ጠለቕቲ ኣብ ዓሚቕ ጥልቀት ንዊሕ ግዜ እንተደኣ ጸኒሖም ካብ'ቲ ክስሕብዎ ዘጽንሑ ኣየር ኣካላቶም ብብዝሒ ናይትሮጂን የዋህልል። ብዘወሳኺ ዕምቈት ክውሰኽ ከሎ ጠለቕቲ ብብዝሒ ኣየር ይስሕቡ'ሞ፡ መጠን ናይትሮጂን ይውሰኽ። እዚ ናይትሮጂን ኣብ ጭዋዳታትን መትንታትን ደምን ዓፍራ ይፈጥር'ሞ፡ እቶም ተኾቲት ካብ ዓሚቕ ንቕታ ናብ ላዕለዋይ ጸፍሒ ባሕሪ ኣብ ዝወጽኡሉ እዋን እቶም ዝተፈጥሩ ዓፍራ ኣብ ኣካላት'ቶም ተኾቲት ተዓጊቶም ይተርፉ'ሞ፡ ቃንዛ ይፈጥሩ። እዚ ድማ ናይ ዝሕቃ ወይ ዝሕቀት ሕማም (decompression sickness) የስዕብ። እቲ ካልኣይ ዝስዕብ ሕማም እቶም ተኾቲት ኣብ ግዜ ንቕታ ንላዕሊ ክወጹ ከለዉ ብቕልጡፍ እንተደኣ ወጺኦም እቶም ጋዛት ኣብ ሻምብቆታት ደም ዓብዪቲ ዓፍራ ይፈጥሩ'ሞ ዘረት ደም ናብ ልቢ ይዓጽውዎም። እዚ ከኣ ውታፌ ሰር ደም ወይ ሃንደበታዊ ምዕጻው ሰር ደም (air embolism) የስዕብ። እዚኦም ዓይነት ሕማማት ሓደገኛታትን ክሳብ ሞት ክበጽሑ ዝኽእሉን እዮም።

እዚ ንምፍዋስ ተኾቲት ኣብ ዓሚቕ ንቕታ ነዊሕ ክጸንሑ የብሎምን፡ ከምኡ'ውን ካብ ንቕታ ኣብ ዝወጽኡሉ እዋን ቀስ እናበሉ ክወጽኡ ኣለዎም። እዚ ድማ ኑቲ ኣብ ኣካላቶም ዝጸንሐ ናይትሮጂን ንኽወጽእ ዕድል ይህቦ። እዚ ዓይነት ሕማም ዘጋጠሞም ተኾቲት ብቕልጡፍ ሕክምናዊ ሓገዝ እንተደኣ ረኺቦም ክፍወሱ ይኽእሉ'ዮም። ዝኾነ ሓደጋታት ንምውጋድ፡ ተኾቲት ንኽንደይ ሰዓት ክጠልቁ ከምዝለዎም፡ ሓንሳብ ምስ ጠለቑ ንኻልኣይ ንቕታ ክንደይ ደቒቕ ክጸንሑ ከምዝለዎም፡ ኣብ ዝተወሰነ ጥልቀት ክንደይ ደቒቕ ክጸንሑ ከምዝለዎም፡ ንታሕቲ ክወርዱ ወይ ንላዕሊ ክድይቡ ከለዉ ኣብ ሓደ ደቒቕ ክንደይ ሜትሮ ከምዝጓዓዙ ብልክዕ ክፈልጥዎ ይግባእ። ብዘወሳኺ ተኾቲት ድሕሪ ጥልቃ፡ ኣሩራት ቅድሚ ምስቃሎም ካብ 12 ክሳብ 24 ሰዓት ክጸንሑ ይግባእ። ምኽንያቱ ምስ ምውሳኽ ብራኸ ናይ'ታ ኣሩራት ጸቕጢ ኣየር ብቕልጡፍ ስለዘቕየር እዚ ዝተጠቕሰ ሕማም ቅልዓት ይኸውን።



ተኻቲ ኣብ እዋን ምርምር




ናውቲ ንቕታ ባሕሪ



ተኻቲ ኣብ እዋን ምስኣል

ሂወታውያን ባሕሪ ኣብ ልዕሊ ተኾቲት ብዙሕ ጸገም ኣይፈጥሩን'ዮም። ብኣንጻሩ'ኳ ደኣ ተኾቲት ኣብ ልዕሊ ሂወታውያን ባሕሪ ጸገም ይፈጥሩ። ንኣብነት ዕምባባታት ባሕሪ ብቐለል ምትንኻፍ ናይ ተኾቲት ይዓንዉ። ገለገለ ሂወታውያን ባሕሪ ግን ኣብ ልዕሊ ተኾቲት ጉድኣት የውርዱ'ዮም። ንኣብነት፡ ጀሊ ፊሽ፡ ፋየር ኮራል፡ ስቲንጊንግ ኮራል፡ ሲ ኣርቺን ከምኡ'ውን መርዛማት ዓሳን ሻርክን።

ብዘወሳኺ፡ ምስ ጥልቃ ባሕሪ ዝተሓሓዙ ካልኦት ጸገማት ድማ፡ ኣብ ግዜ ንቕታ ምውዳእ ኣየር፡ ዝተበከለ ኣየር ምጥቃምን ምህራም ብጃልባን እዮም። ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ግዜ ስልጠና፡ ሰልጠንቲ ካብዞም ጸገማት ንምክልኻል ኣድላዪ ዝኾኑ ኣገባባት ድሕነትን ጥንቃቐን ክዝውሩ ኣለዎም። ብዘወሳኺ፡ ኑቲ ምሳኻ ዘሎ ጠላቒ ከመይ ገይርካ ከም እተድሕኖ'ውን ብኽልስ ሓሳብን ተግባርን ይመሃሩ እዮም።

ጥልቃ ባሕሪ ኣዝዩ ተበሃጊ ዓይነት ምሕንባስ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ትሕቲ ባሕሪ ፍሉይ ዓለም ክትዕዘብ ስለ ዘኽእል። እዚ ክንብል ከለና፡ ዓሰርተ ሰዓት ኣብ ዕመር ጫጫታት ምዕዛብን ዓሰርተ ደቒቕ ኣብ ትሕቲ ባሕሪ ምዕዙበን ማዕረ እዩ። ኣብ ሃገርና ድሕሪ ናጽነት ዝተኸፍተ ናይ ጥልቃ ባሕሪ መምሃሪ ማእከል ኣሎ። እዚ ኣብ ከተማ ባጽዕ ዝርከብ ብማእከል ጥልቃ ባሕሪ ኤርትራ (Eritrea diving center) ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ምኩራት መምህራንን ብቑዕ ናውቲ ስልጠናን ዝዓጠቐ እዩ። ኣብ ዝሓለፉ ናይ ናጽነት ዓመታት ድማ ብርክት ዝበሉ ካብ ወሸጥን ወጻኢን ዝመጹ ደቂ ሃገርን ወጻኢተኛታትን ብዝተፈላለዩ ደረጃታት ንቕታ ኣሰልጢኑ'ዩ። እዚ ማእከል ምስ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝመደበሩ ናይ PADI ማእከል ብምትሕብባር ዓለምለኸ ተቐባልነት ዘለዎ ሰርተፊኬት ይህብ።

ጽባቐ ባሕሪ እቲ ብላዕሊ እንዕዘቦ ማያዊ ክፋልን ገምገም ባሕርን ጥራይ ዘይኮነ፡ እቲ ኣብ ውሽጡ ዓቂብዎ ዘሎ ጽባቐ ናይ ዕምባብ ባሕሪ፡ ኣትክልቲ ባሕሪ፡ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ ባይታ ትሕቲ ባሕሪ፡ ከምኡ'ውን ወቁባት ዓሳታት ባሕር እዩ። ኣብ ዓለም ወቁባት ዕምባባታት ባሕሪ ዝርከቦም ከባቢታት ከም ቀይሕ ባሕሪ፡ ካሪብያን፡ ሃዋይ፡ ህንዳዊ ውቅያኖስን ደቡባዊ ፓስፊክን ክጥቀሱ ይኽእሉ። ኣብ ኤርትራ ድማ ኣብ ከባቢ እኩባት ደሴታት ዳህላክ ንንቕታ ባሕሪ ምቹኣት ዝኾኑ ኣዝዮም ብዙሓት ወቁባት ቦታታት ከምዘለዉ ሰነዳት ሚኒስትሪ ሃብቲ ባሕሪ ይሕብር።


ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ

# ሳዋ፡ ካብ ንግስነት ቛጣ ክሳብ ናጻ ኤርትራ

ሄረኣብ ኣዚ.

*እዚ ብምኽንያት መበል 30 ዓመት ምምስራት ማእከል ስልጠና መንእሰያት ሳዋ እነቐርበልኩም ዘሎና ሓጺር ኣፈናዊ መጽናዕታዊ ጽሑፍ፡ ጸምባል ብፉራዊ እያብልዩ ማእከል ስልጠና ሳዋ ምኽንያት ብምግባር ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ኣብ መጽሓፍ ዋርሳይ ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ ቅጺ-10 ሰፊሩ ዘሎ እዩ።*

***



ቅድሚ ምምስራት ሳዋ ከም ዘመናዊት ማእከል ማሰልጠኒ መንእሰያት ኤርትራ፡ ብዙሓት ኤርትራውያን ኣብ ሃገርም ካብ መግዛእቲ ነጻ ንምውጻእ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ወተሃደራዊ ታዕሊም ይቐስሙ ነይሮም'የም። ኣቐዲሙ እውን ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ኤርትራውያን ምስ ገዛእቶም ብምዕስኻር ዘመናዊ ወተሃደራዊ ክእለት ኣጥርዮም ኣብ ብዙሕ ዓውደ-ውግኣት ተሳቲፎም እዮም። ቅድሚ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ኣብ ዝነበረ ታሪኽ እውን፡ ኣብዘ ናይ ሎሚ ኤርትራ ዝነበሩ ሕብረተሰባት፡ ኣብ መንጎ ሓድሕዶም ኣብ ዝነበረ ግጭት ይኹን ናይ ደገ ጸላኢ ንምክልኻልን ምጥቃዕን ናይ ጉጅለ ርእሶም ብልሕን ናይ ኲናት ስልትን ኣማዕቢሎም ነበሩ። እዚ ኣፈናዊ መጽናዕታዊ ወረቐት'ዚ፡ ኣብ ንግስነት ብጃ፡ ካብኡ ናብኡ ድማ ኣብ ንኡስ ንግስነት ቛጣ ብምምርኳስ ኣብ ኤርትራ ቅድሚ ዘመናዊ መግዛእቲ ዝነበረ ባህሊ ውግእን ጅግንነትን ብኸፊል፡ ብዝያዳ ድማ ምስ ታሪኽ ጥንታዊት መደበር ታዕሊም ሳዋ ብምትእስሳር ክሳብ ነጻነት ኤርትራ ዝነበረ መድረኻት ብሕጽር ዝበለ ዝድህስስ እዩ።

## ንግስነት ብጃ

ህዝቢ ብጃ ካብኦም ሰለስተ ክፋላት ኩሽ፡ ማለት ምብራቓዊ፡ ማእከላይን ሰሜናዊ ኩሽን - ኑቲ ሰሜናዊ ኩሽ ይውክል። ኣብ ግብጺ፡ ሱዳንን ኤርትራን ድማ ተዘርጊሑ ይርከብ። ብጃ፡ ንከረብከናብ፡ መልሂትከናብ፡ ሰንጎትከናብ፡ ኣቡቡዩ፡ ብኻሃሪን፡ ዓትማን (ማርኣር)፡ ሃደንደዋን ገለ ክፋል ካብ ቤኒ-ዓምርን ዘጠቓልል፡ ሓደ ሓረግ ወለዶን ሓብራዊ መሬትን ዝነበሮ ህዝቢ እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ኣብ ኤርትራ ዘለዉ ብዳወየት ዓርቲ-ኣርባዕተ ቀቢላታት እዮም። እቶም ዝተረፉ ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ቀቢላታት ብዳወየት ግን ብዘይተረፍ ስለ ዝጸኑዑ ኣብ ቁጽሪ ኢይኣትዉን። ብጃ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ንመዓልታዊ መነባብሮኦም ኣብ ሃድንን ምምኣራርን ዝምርኮሱ ዝነበሩ ኮይኖም፡ ኣብ ዝቐጸለ መዋእል እንስሳ ዘቤት ብምውናን ኣብ ሰበኽሳዮግዊ መነባብሮ፡ ከምኡ ድማ ኣዝርእቲ ኣብ ምፍራይ ክሰጥፉ ጀመሩ። ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ በጃ ናይ ጉጅለ ርእሶም ካብ ኣስዋን ናይ ግብጺ (ፈለግ ኒል) ክሳብ ናይ ሎሚ ባጽዕ (ቀይሕ ባሕሪ) ዝዝርጋሕ ሓያል ንግስነት ኣቘሙ። ኣብ ዝሓየልሉ ግዜ ዝሰፍሑ ኣብ ዝደኸሙሉ እዋን ዝጸብቡ ንግስነቶም ድማ ንብዙሕ እዋናት ቀጸለ።

ሓደ ካብዞም ናይ ብጃ ናይ ምስፍሕፋሕ ማዕበላት ኒታ ብ543 ዓ.ም. ብሰልኮ ናይ ኑብያ ዝጸነወት ንግስነት በለምይ ዝመስረቱ ምንባርም ድማ ታሪኽ ይምስክር። ብዘይካ'ዚ ኣብ መጨረሽታ ናይ ሻብዓይ ክፍለዘመን ሓደ ኣዝዩ ዝተወሃሃደ ቀቢላ ዛናፋጅ ናይ ብጃ ካብ ምዕራባዊ ቆላታት ኤርትራ ተበጊሱ፡ ብመንገዲ ሩባ ባርካ ንኸበሳታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽሩ ኣእተዎ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ከበሳታት ዝነበሩ ህዝቢ ኒታ ማእከል ስልጣኖም ዝነበረት ንግስነት ኣኽሱም ንኽዕቅቡ ኣንጻርቶም ብጅግንነቶም ዝተፈልጡ ህዝቢ ደው ኢሎም ከምኩቱ ዓቕሚ ስለዘውሓዶም ንደቡብ ወገን ፋሕ በሉ። ኩላተን ማእከላትን ከተማታትን ንግስነት ኣኽሱም፡ ብዘይካ'ታ ማእከል ናይቲ ስልጣኑ ዝነበረት ኣኽሱም፡ ክሳብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ ቦታታት ኩሉ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር ብጃ ኣተወ (Spencer:1952)። ሎሚ ኣብ ኣፈ-ታሪኽን ግጥምታትን ብዳወየት ዝርከብ ከም በዓል'ታ ኣብ ሰንዓፈ ብደቂ ሓምባ ትሕሎ ዝነበረት "ሓዋ" ዝሾማ ጓል ንጉስ ዝኣመሳስል ግጥምታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ከበሳን ምብራቓዊ መታሕትን ኤርትራ ዘሎ መበቆሉ ምስ ብዳወየት ከምዝተኣሳሰር ዝገንር ዛንታታት፡ ኣብዚ ኣፈ-ታሪኻዊ ድሕሪ ባይታ ናይዚ እዋናት'ዚ ዝተሞርከሰ'ዩ።

## ባህሊ ውግእን ጅግንነትን ብጃ

ታሪኽ ብጃ ከዘንቱ እንተጀሚርካ ብጃን ኲናትን ፈላሊኻ ክትርእዮም ኣዝዩ ኣጸጋሚ'ዩ። ኣብ ምክልኻልን ምጥቃዕን ዘድሊ ናይ ኲናት ልምምድ ኣብ ሕብረተሰብ ብጃ ከም ባህሊ ዝሰረጸ'ዩ። ቈልዓ ብጃኻ እቲ ምስ መሰታኡ እናተጻወተ ዝቐሰሞ ፍልጠት፡ ኣቦኡ ኣብ ትርፊ ግዜኡ ከመይ ገይሩ ኑብሱ ከም ዝከላኸል ይምህሮ። ብዚ መሰረት ብጅትሪ ኑብሱ ካብ ሓደ ጸላኢ ከመይ ከም ዝከላኸል ብምልምማድ ይጅምሮ። እዚ ሓያል ትከርትሮን ትብዓትን ዝሓተተ ትምህርቲ ቀስ ብቐስ ካብ ብትሪ ናብ ኲናትን ሴፍን ይሰግር። ኣብዚ መስርሕ'ዚ ናይ ኑብሸኻ ምክልኻል ብዘይካ'ቲ ኣብ የማናይ ኢድካ ትሕዞ ንምጥቃዕ ምክልኻልን ዝጠቅም ሴፍ ይኹን ብትሪ ኣብ ጸጋማይ ኢድካ ትጭብጦ ዋልታ'ውን ካብ ሴፍን ኲናትን ከመይ ኑብሻ ተድሕን ተጸንዕ። ዋልታ ካብ ቆርበት ሓርማዝን ካልኦት እንስሳታትን ዝስራሕ ኮይኑ ካብ ሴፍን ኲናትን ዝከላኸል ሓይልን ትርን ክህልዎ ይጥለብ።

ጸላኢ'ኻ ንምጥቃዕ ኣብ ዝግበር ታዕሊም፡ ሴፍኻ ጨቢጥካ ከም ሽላ ንሰማይ ዘለልካ ከመይ ጊርካ ክሳድ ጸላኢ'ኻ ከምእትቘርጽ ትመሃር። ኣብ ምውርዋር ቀስትን ኲናትን ከመይ ዕላማኻ ከይስሓተካ ትሃርም፡ ሶትኣል (ነዊሕ ካራ) መዓስን ብኸመይን ትመዝዘን ካልእን ዘጠቓልል ግደታዊ ታዕሊም ካብ ቈልዕነትካ ጀሚርካ ክሳብ እኹል በጽሒ ትቕጽሎ።

ብፍላይ ኣብ ብሄረ ብዳወየት (ኤርትራ) እንተ ርኢና፡ እቲ ናይ ምጥቃዕን ምክልኻልን ሜላ፡ ቀዳምነት'ዩ ዝስራዕ። ሓደ ቈልዓ እቲ ናይ ትብዓትን ተጻወርን ሜላታት ካብ እዋን ምኽንሻብ'ዩ ዝጅምሮ። ቈልዓ ቅድሚ ምኽንሻቡ፡ እንተ ዘይብኸዩ ጥራትን ካልእ ህያባትን ከወሃብ ምዃኑ ይንገሮ። ቈልዓ ኣብ ብሄረ ብዳወየት ይኹን ትግረ፡ ኣብ ሸውዓተ-ሸሞንተ ዓመቱ'ዩ ዝኽንሸብ። እቲ ዝኽንሸብ ሰብኣይ ቅድሚ ምምጽኡ እቲ ቈልዓ ሰሩኣምራዊ ምድላዋት ይግበረሉ። ድሕሪ ምስ ኩሉ ድማ እቲ ናይ ምኽንሻብ መስርሕ ይፍጸም። እቲ ዝተኸንሸበ ቈልዓ ኣብ ክንዲ ዝበኪ፡ ደሙ ጥብጥብ እናበለ ኲናት ወይ ካራ ሒዙ ንተኸንበት ናይ ሸውዓተ ኣግኡት ይቐድድ'ሞ፡ እናዘለለ ይፍክር። ኣደታቱ ድማ ዕልል ይብላ። ትብዓቱ ምስ ኣመስከረ ኸኣ ከብቲ፡ ኣግማል ወይ ካልእ ጥሪት ይወሃቦ። እዚን ኣብ እዋን ምኽንሻብ ዝወሃቦን ጥሪት ዋንኡ ስለ ዝኾነ፡ ሓዳር ምስ ፈለየ ሒዙዎን ይኸይድ።

ቀንዲ ታዕሊም ናይ ምክልኻል ሜላታት እምብኣር፡ ድሕሪ ምኽንሻብ'ዩ ዝጅምር። ሓደ ወዲ ብዳወየት እንተ ዋሕደ ንዓሰርተ ሰባት ከም ዝከላኸል ኮይኑ ይምልመል። ዋላ ሓንቲ ብትሪ ሒዙ ንሳብ ሴፍን ዋልታን ክከላኸል ተኽእሉ ኣሎ። እቲ ቀንዲ ታዕሊም ቅልጣፈን ኣተኩሮን ምምሃር'ዩ። እዚ ብዳወየት ዝጥቀምሉ ሜላ ምስ ካራተ ዝመሳሰል ኮይኑ፡ ልዑል ፍጥነትን ኣተኩሮን ይሓትት። እዚ እናተወራረሰ ዝመጸ ልምዲ፡ ንሓደ ቈልዓ ኣቦኡ፡ ኣቦ ሓጎኡ ወይ ካልኦት ቤተ-ሰቡ'የም ዝዕልምዎ። ካብ ኣተሓሕዛ ጀሚርካ፡ ምዝላል፡ ምጽምባል፡ ምስራሕ፡ ምጥቃዕ፡ ዓይነት ኣተሓሓርማ፡ ክሕዞ ዝጥዕሞ ዓይነት ብትሪ ብኸልሰ-ሓሳብን ግብርን ይመሃር። ኣብ ገለ እዋናት እቲ ስልጠና ብጉጅለ'ውን ይወሃብ'ዩ። ኣብቲ ዝካየድ ጥርዚ ናይ ምክልኻል ብቕዓት ምስ በጽሐ፡ እቲ ቈልዓ ብኢዱ ጥራይ ንሴፍ፡ ብትሪ፡ ኲናትን ካልእን ክም ዝከላኸል ይምልመል። ምኽንያቱ ሴፍ ወይ ብትሪ እንተተጠርዎ ብኢዱ እናተኸላኸለ ርእሱን ኣፍልቡን ከድሕን ኣሎዎ። እቲ መንእሰይ ስልጠኑ ምስ ተባህሉ፡ ክኢላታት መጺኦም ይርእይዎ'ሞ፡ ምስ መስከሩሉ ብቑዕ ተባሂሉ ኣቡኡዎም ንዓዲ ዝከላኸሉን ንጸላኢ ዘጥቅዑን ይምደብ። እዚ ብደረጃ ስድራ ቤታት ክኸውን እንከሎ፡ ብሓባር ዝግበር ስልጠናታት'ውን ነይሩ'ዩ።

ከምቲ ሴፍ ዘልዕል ብሴፍ ይጠፍእ ዝበሃል እተን ኣብ ሓደ ንግስነት ተጠርኒፈን ዝዩ ፈልጣ ክፋላት ነንሓድሕደን ኩሳ ኣንጻር ካልኦት ኣብ ዝገበርኦ ኲናት ቀንዲ ምኽንያት ምድኻም ሓያል ንግስነት ብጃ ምንባሩ ኣፈ-ታሪኽ የዘንቱ። ከሉ ግዜ ሓይልኻ ንምርኣይን ንምስፋሕን እትገብሮ ዘይፍትሓዊ ኲናት መውደቂኻ ስለ ዝኾውን ንንግስነታት ብጃ'ውን ዝጸወቶ'ዩ። ምኽንያቱ እቲ ዝውረር ብወገኑ ብየቕሙ ስለዝምክት ግጭትን ምድኻምን ክስዕብ ናይ ግድን እዩ።

## ጅግንነት ብጃን ሓምድ እድሪስ ዓዋተን

እዛ ፍጻሜ እዚኣ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣብ ዘመን እንግሊዝ ሽፍትነት ሳዕረሉ ኣብ ዝነበረ ግዜ ሕነ ናይተን ዝተዘምታ ከብቱዎም ንምምላስ ምስ ጭፍራሉ ኣብ ዝገበርዎ ወፍሪ ዚጋጠመት ፍጻመ እያ።

"ዓዋተ ጭፍራ መሪሑ ሰንሒት ናብ ዝዛዕል ውሽጢ ሱዳን ብምእታው ኣግማል ሃደንደዋ ዘሚቱ ናብ ኤርትራ ተመለሰ። ገና ከየዕረፈ ሓደ እግሪ እግርም ክስዕብ ዝጸንሐ ሰብኣይ ገመሉ እናጋለበ ሀሩግ በሉም'ሞ፡ ዘለሉ ድሕሪ ምውራድ ካብ መንገኦም ዘኮጥሞ ጎበዝ ንኽቐርብ በደህም። እቲ ሰብኣይ ዕድመ ዝደፍአ ሽማግለ ይኹን'ምበር፡ ዕጥቁ ምሉእ፡ ሰብኡ ድማ ድልዱል እዩ ነይሩ። ዓዋተ ብዑቱ ንኽይትጋጥሞ ኣዚዙ ንሱ ኩሰሰ ከም ተፋላሚ ኣቕረበ። ብሴፍን ብዋልታን ድማ ተመኻኸሩ። ድሕሪ ቅሩብ ግን እቲ ሽማግለ ሃደንደዋ ንዓዋተ በርቲዕዎ ጥራይ ዘይኮነ ዋልታኡ ቀዳዲዱ እናኣውደቐ ኣብ ሰገኣት ኣውደቖ። ከም ዘይተዋጽኦ ምስ ተረድኣ ዓዋተ ፍንትት ኢሉ ከረጺትን ቁጻራትን ዝተንጠልጠለ ቈልፉ ወይ ዝናሩ ፈቲሑ ናብ እግሪ'ቲ ሰብኣይ ደርብዩ ይእከል በሎ። እቲ ሰብኣይ'ውን መጥቃዕቱ ደው ኣቢሉ ኒታ ቈልፌ ኣልዒሉ ድሕሪ ምምርማር ካብ ጁባኡ ገዝዩብ ኣውጺኡ ኑቲ ኣብ ውሽጣ ዝነበረ ሰልዲ ናይ ዓዋተ ወሰኸሉ'ሞ ካብቲ ዝነበሮ ደርበየሉ። "ኣግማል ዘሚትኩም። ግን ኣብ መንገኹም ብሴፍ ክንደዚ ዝከላኸል ሰብ ኣሎኩም?" እናበለ ክምለስ ጀመረ። ዓዋተ ግን ደው ኣብልዎ..... ካብተን ዝተዘምታ ከብቲ ኑተን ናቱን ናይ ቤተሰቡን ሒዙ ንኽምለስ ድማ ፈቐደሉ። ገመሉ ተወጢሑ ድማ ከቢቱ እናኸብቀበ ተመልሰ።" (ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ 2017 ገጽ 538-539)

እዛ ዛንታ ኣለምሰገድ ተስፋይ ምስ ኪዳ ሀዳድ ብዛዕባ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ "ሓምድ ባዕሉ ንኪዳ ካብ ዘዕለሎ" ተቐንጪላ ዝተወሰደት'ያ። ኣብዛ ዛንታ እዚኣ ሓደ ሓያል ጅግና ንባዕሉ ዝሰዓሮን ዘሰፈን ሰብ ክሽልምን ከድንቖን ስነጠራዊ ዝኾነ ተርእዮ ነንበብ - ግን ስለምንታይ? ኣለምሰገድ ኣብ መጽሓፉ ዘይገለጾ ኪዳ ግን ምስኡ ኣብ ዝገበሮ ዕላል ኮነ ክሳብ ብህይወት ዝነበረሉ ተዘክሮኡ ስለ ዘይጠለሞ ምስዛ ዛንታ ብምትእስሳር ከዕልል ከሎ ዝደጋግሞ ነጥቢ ነይሩ። እቲ ኣረጊት ጸጉሩ ብሰበት ዝተመልአ ጅግና ሃደንደዋ ኑቲ መን ከምዝይ ዝበል መንእሰይ ሓምድ ምስ ኣሰፈ "ኣግማል ዘሚትኩም ኣብ መንገኹም ብሴፍ ከምዚ ዝከላኸል ሰብ ኣሎኩም" ምስ በሎ ይወሰኽ...

"እሸኻ ከምዚ ገይርካ ብሴፍ ክትከላኸለን ክትዋጋእን ካብ ከኣልካ ካጥካ ንኣዕሊ'ውን ይህልዉ፤ ስለዚ ኣብ ሩባን ዓድናን ክሳብ ሎሚ ከምዚ ገይሮም ብሴፍ ዝዋግኡ ሰብኡት (ጅጋኑ) ካብ ሃለዉ ይኣኽለና፡" ኢሉ ንዓዱ (ንሰሜን - ሱዳን) ክምለስ ተበገሰ ይብል።

እዚ ጅግና ተዋጋኣይ ንዝተዘምታ ጥሪት ወይ ክመልስ ወይ ድማ ህይወቱ በጃእን ክህብ ቈሪጹ ዝተበገሰ'ዩ ነይሩ። እንተኾነ ካልእ ዘዋዝብ ነገር ስለ ዝረኸበ ኑቲ ሓለቓ ብሴፍ ተሳዒሉ ኣለኽፍዎ ከበቕዕ ኣብ ርእሲ'ተን ብሓይሊ ዝመንዝዐን ጥሪቱ ብፍታው ንገዛእ ክሽልም ንርእዮ። ስለምንታይ ከምኡ ከም ዝገበረ ክልጽ ከሎ ድማ ኪዳ "ኣብ ዓድና (ኤርትራ) ክሳብ ሎሚ ከማኻ ጅጋኑ ካብ ሃለዉ ካብኡ ንላዕሊ ዘሐጎሰኒ ነገር የለን ይኣኽለኒ" ይብል። ብድሕሪ'ዚ ሓምድ ጥሪትካ ወሲድ ምስ በሎ ናቱ ጥሪቱ ሒዙ ምምላስ ከም ዝኸፍአ ስዕረት ቈጺሩ ገዲፍወን ክኸይድ ተበገሰ። ሓምድ ዚ ብሴፍን ብልቦናን ጸብለል ዝበሎ ሃደንደዋ፡ "በል ንዓ ናይ ከሎም ቤተሰበካ ወሰድ" በሎ'ሞ፡ ንሱ ድማ ኮብኩብወን ከም ዝኸደ ወተሃደር እንግሊዝ ዝነበረ ዓርኪ ሓምድ - ኪዳ ሀዳድ የዘንቱ። ሓምድ ሓይሉ ንምርኣይ'ዩ ምስቲ ሰብኣይ ገጢሙ'ምበር፡ ብበረት ክቕትሎ ወይ ድማ እቶም ካልኦት ብጾቱ ክሕግዝዎ ይኽእሉ ነይሮም። ሓምድ ግና ብጅግንነትን ተወፋይነትን ናይቲ ሃደንደዋ ስለ ዝተማስጠ ኣድናቖን ጥሪቱ ዛጊ፡ ናይ ከሎም ቤተሰብካ ጥሪት ወሲድ ክብል ከሎ እተን ሓደ ዝሕላዝተን (ምልክተን) ናይ ዓሌቱ ምሉእ ከብቲ ወሲዱ ከም ዝኸደ ድማ ክነርድኣ ንኽእል።

**ይቕጽል...**

### ሎሚ ኣብ ERI-TV1

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | TECH IN-SIGHT |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ፍሉይ መደብ ብዛዕባ ግንቦት ሓልሓል |
| 14:20 | ዶክመንታሪ |
| 15:05 | ህርመት |
| 16:30 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:18 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:45 | ቀስተ ደሕኑት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | መኣዝን ልምዓት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ሌላ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | ተኸታታሊት ፊልም- መስተንክር |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኤፍሬም ወልደሚካኤል፡ ብዓልቲ ቤተይ የርዳኖስ መብራህቱ ስለዝዋረሪት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣብ መዝገብ ከሳሲት ወ/ሮ ኤልሳ ደስታ ኣብይ ተኸሰስቲ ወረ/ፍ/ደስታ ኣብይ ዝኾነ ኣቶ ምስግና ደስታ +4 ዘሎ ናይ ውርሲ ምቅላት ጉዳይ፡ ተኸሰስቲ 1.ኣቶ ምስግና ደስታ ኣብይ፡ 2.ኣቶ ኤፍሬም ደስታ ኣብይ 3.ወ/ሮ ሃና ደስታ ኣብይ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጡ፡፡

የርሳሌም ስምኦን፡ ሚካል ስምኦን ምባል ተረፉ፡ ሚልካ ስምኦን መዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፡፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ኣበራ ርእሶም ኣስመሮም፡ ኣቦይ ርእሶም ኣስመሮም ስለዝዋረረ፡ ንወላዲትና ወ/ሮ ማሚት ኣበበ ናይ መጸምድቲ ማሰለ ክሕለዋ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ድማ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ሉና ተመስገን ኣለሞ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ቶማስ ሃይሉ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ብስራት ሃይለሚካኤል ተስፋማርያም፡ ኣቦና ሃይለሚካኤል ተስፋማርያም ስምረት ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ለተጋብር ኣብርሃ ዓንደሃንስ፡ ብዓል ቤተይ ጎይትኦም ተስፋማርያም ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓል ጥራሕ ከኣ ወራሲት ምኳና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ከሳሲት ፍረወይኒ ካሕሳይ ኣብርሃ፡ ተኸሳሲ ፍጹም ገብረኪዳን ለገሰ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ማህሌት ወልደኣብሳዲ ርምሓ፡ ብዓል ቤተይ ካሕሳይ ገብረመስቀል ሃይለማርያም ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 13 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተስፉኣም ገብረኪዳን ወልደሃይማኖት ምባል ተረፉ፡ ተስፋገርግሽ ገብረኪዳን ተኽለሃይማኖት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ከሳሲት ኣዜብ ርእሶም ደሰት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ገብሩብርሃን ጸጋዮ ሓጎስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ማሰለሽ መሓሪ ዘርኡ፡ ብዓል ቤተይ ስለዝዋረረ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ኣነ ምስ 8 ደቀይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቀሺ ኣብርሃም ቀሺ ሃብተማርያም፡ ኣቦና ቀሺ ሃብተማርያም ዝግታ ስለዝዋረረ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይን ኣደይ ወላዲተይን ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ በላይሽ ኪዳነ ዘውዱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተኽለ ኪዳነ ዝግታ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ዘርእሰናይ ዓይናም ካሕሳይ ምባል ተረፉ፡ ዘርእሰናይ ዳይናም ካሕሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓመድኣማን ማሕሙድ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ማሕሙድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ወ/ሮ ሓረጉ ስዩም ተኽለገርግስ፡ ብዓል ቤተይ ተጋ/ ካፒ/ኒጋሲ ካሕሳይ ኣብርሃ ስለዝተሰውአ፡ ብሂወት ኣጠዘበረሉ ግዜ ብናይ ሓብር ጸሪሪ ዝንቀሳቐስ ዘይንቀሳቐስ ሃብቲ ኣጥሪና፡፡ ብሂወት ኣብ ዝበረሉ ግዜ ብዕለት 10/02/22 ዓ/ም ኣብ ጾሮና ኣብ ዝርከብ ናይ ሓብር ዝኾነ ገዛ ኣብ ሎታ 9 ፓርሰል 'N' ዝርከብ ኣብ 150 ት/ሜትር ዝስፍሓቱ መሬት ዝኾነ 2ተ ክፍሊ ገዛን ሽቓቕን ክሽነን ሰሩሕ ዘሎዎ ናይ ሓብር ገዛ እቲ ብጽሒቱ ንዓይ ብለዋ ንዲፉለይ፤ ስለዚ ዝበደሪለይ ለዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት ኣልማዝ ስዩም፡ ተኸሳሲ ግርማጼን በየነ ገብረማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዒድ

ኣቶ ብደሀ ሃብታይ ኣርኣ፡ ኣደይ ወ/ሮ ለተዝጊ መሓሪ ቀለታ ብዕለት 25/7/2022 ዝሃበትኒ መሬት ቀዋሚ ንብረት ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ትበርህ ጺጋይ ጋርዬ ተጸዋዕቲ ደቃ 1.ኣዜመራ በራኺ ሃብቶም 2.መሓሪ በራኺ ሃብቶም 3.መንግሻ በራኺ ሃብቶም 4.ለምለም በርህ ሃብቶም 5.ሓዳስ ገብርኣብ ሃብቶም 6.ሃና ገብርኣብ ሃብቶም 7.ተስፋት ገብርኣብ ሃብቶም 8.ሳምሶም ማእከለ ጺጋይ 9.ተኽለወይኒ ማእከለ ጺጋይ ንዓኹም ዝምልከት ንፈጸሚ ናይ ምቅሊት ውርሻ ጉዳይ ስለዘለኩም፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/7/14 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍልጡ፡፡

ወ/ሮ ኣልጋሽ ተኽሉ፡ ወደይ ሳሚ እስቲፋኖስ ተስፋልደት ስለዝተሰውአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምኳነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተኽለማርያም ወልደገብራኤል ሓጎስ፡ ብዓልቲ ቤተይ ሮማ ተስፋማርያም ባህታ ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ናስር ያሲን እስማዒል ምባል ተረፉ፡ ናስር እድሪስ እስማዒል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሓሰና መሓመድ ሁመድ ምባል ተረፉ፡ ሓሰና ሐመድ መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣዳነሽ ዘርኣጋብር ወልደትንሳኤ፡ ኣቦይ ዘርኣጋብር ወልደትንሳኤ ዑቕባስላሴን ኣደይ ኣመተጼን ድረር ጊላይን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ዘይኑብ እድሪስ ምባል ተረፉ፡ ፋጥና እድሪስ ዐመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሪታ መንታይ ካፍል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሕድሩ ኣድሓና መብራህቱ፡ ብዓል ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለዘላ፡ ን16/7/24 ብ ቤ/ፍ ቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

እድሪስ ሰዒድ ዓሊ ምባል ተረፉ፡ እድሪስ ሰዒድ ዓሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓመድብርሃን ሰዒድ ዑመር ምባል ተረፉ፡ ብርሃን ሰዒድ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ፍረሰላም ገብረመድህን ሃይሉ፡ ኣቦ ደቀይ ተጋ/ንእምን ባልቢ ተስፋሚካኤል ስለዝተሰውአ፡ 6 ደቁ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ከሳሲ ኣቶ ገብረሚካኤል ሃብተስላሴ፡ ብመንገዲ ወኪሉም ኣስመይት ገብረሚካኤል፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ዳዊቶም ክፍላይ መሓሪ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/8/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ፡፡

ኣቶ ሳልሕ እስማዒል ኣሕመድ፡ ኣቦይ እስማዒል ኣሕመድ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሱል ሓሰን ሕሰን ምባል ተረፉ፡ ሓፍን ሓሰን ሕሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሕሰን ሓሰን ሕሰን ምባል ተረፉ፡ ኣሚር ሓሰን ሕሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣስገዶም ብርሃነ መለስ ምባል ተረፉ፡ ኣስገዶም በላይ ስዩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ጨዋይ ሓምድ ሰዒድ ሓመድ ሰዒድ ጨዋይ ምባል ተረፉ፡ ጨዋይ መሓመድ ሰዒድ ጨዋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ረዳኢ ተስፋስላሴ ምባል ተረፉ፡ ሰድ ተስፋስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሓምድ ዓብደላ ሰሊማን ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ዓብደላ ሰሊማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ጽገወይኒ ሃብተማርያም ክፍሉ ምባል ተረፉ፡ ጽገወይኒ ገብረሚካኤል ምስግና ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/24 እብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓመድ ሓምድ ያቆብ ተጸዋዒት ወ/ሮ ሓያት ኣሕመድ መሓመድ ካብ ቃል ኪዳን ዝወለድኩዎ ቆልዓ ሻኑት መሓመድ ሓምድ፡ ኣዲኡ ደርቢያትለይ ካብ 2021 ክሳብ ሕጂ ደሃይ ስለዘይብሉ ሞግዚትነት ክትህቢ ትጸዋዓለይ ስለዝበለ፣ ን22/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቕረቢ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ፍትዊ መርሃጼን ገብረማርያምኣሞይ ወ/ሮ ኣብርሀት ገብረማርያም ተስፋጽዮን ኣብ ከተማ ተሰነይ ዞባ ሰውራ ዝርከብ ብስማ ዝተመዝገበ ናይ ዱኳን ዝርዝር ሃለኽቲ ብዙ ፍቓድ ንግዲ CBL 00004773 ዝተመዝገበ ኮይኑ፡ ብዕለት 05/04/24 ብቑ/መዝ-04/2024 ኣብ ቕድሚ ቤ/ፍ ዞባ ተሰነይ ብሀያብ ዝሃበትኒ ልቸንሳ ይጽደቐለይ፡ ናብ ስመይ ከኣ ይሰጋገረለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ብስም እስማዒል ማሕሙድ ዝተመዝገበ ቅድሚ ናጽነት ዝተዓደለ መሬት ብሎክ 30 ብሔጋ ፓርሰል M ምባል ተረፉ፡ ፓርሰል N ተባሂሉ ክእረመልና ኢሎም ስለዝመልከቱ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሐዟ ናብ ምምሕዳር ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ተስፋሚካኤል ሃለቶን ወ/ሮ ትወን ኣብርሃን

## ኣገዳሲ ምልክታ

ሃገራዊ ፈስቲቫል 2024 ከምኡ'ውን ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ፈስቲቫል ቦሎኛ ካብ 10-18 ነሓሰ ኣብ ኣስመራ ቀጽሪ ኤክስፖ ክካየድ ምዃኑ ንግዱሳት ንሐድግ፡፡
*ኣገልግሎት መግብን ማስተን፡
*መሸጣ ፍርያት ውሽጢ ሃገርን ወጻእን (ባዛር)
ብዝይካዘ፦ ኣብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ክትሳተፉ እትደልዩ እዚ ምልክታ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 1 ነሓሰ 2024 ኣብ ጎደና ሰማእታት ቁ.ገዛ 31 (ከባቢ ሲቲ ፓርክ) ዝርከብ ቤ/ጽ ሃ/ኣ/ሸማግለ በዓላት መጺእኩም ክትምዝገቡ (ቅጥዒ ክትመልኡ) ንሕብር፡፡

ቤ/ጽሕፈት ሃ/ኣ/ሸ/በ

# መልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

በኾነ እምባየ ደባሱ፥ ኣሕዋትና ተኣምራት እምባየ ደባስን ሙሉጌታ እምባየ ደባስን ስለዝተሰወኡ፥ ልኡላ እምባየ ደባስ ስለዝዋረፈት፥ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ዲማ ዛይድ ወልደ ምባል ተረፉ፥ ድምያና ዛይድ ወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ኤደን ተስፎም ሃብተሚካኤል፡ ኣቦና ተስፎም ሃብተሚካኤል ስለዝዋረፈ፥ ንኣዴና ወ/ሮ ሉተብርሃን ሓዲሽ ገብረኣምላኽ ናይ መጸምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸልም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ሰረቐብርሃን ዓንደብርሃን ምባል ተረፉ፥ ሰረቐ ዓንደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ጺጋ ብርሃመስቀል ገብረመድህን፡ ተኸሳሲ ገብረመስቀል ይሕደጐ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ሞገስ ተኽለ ደባሱ፡ ኣቦይ ተኽለ ደባስ መዛግብቲን ወ/ሮ መዘዙብ ፍስሃጼንን ስለዝዋረፉ፥ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ተኸሳሲ ኣቶ ሮቤርጸየን ገብረሚካኤል፡ ከሳሲ ኣቶ ነጋርኣብ ሃብቱ፡ ንገዝዘብ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.39 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ት ፈሩዝ ኣማኑኤል ተኪኤ፡ ኣዴና ሸማሹ ህያቡ ኣሕመድ ስለዝዋረፈት፥ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሱዛን ጥዑምዝጊ ተወልደ፡ ኣደይ ወ/ሮ ሰላም ርእሶም ስለዝዋረፈት፥ ኣነ ወራሲታ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኤፉድያ ሳምሶን ተስፋይ ምባል ተረፉ፥ ዲና ሳምሶን ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ከሳሲ ያቆብ ዳኒኤል ገብረሚካኤል፡ ወኪል ትብለጽ ደቡሳይ ገብረኣምላኽ፡ ተኸሳሲት ሶሚኢታት ፍስሃጸየን ኣፈወርቂ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ድራር ገብረማርያም ሕድሩ ምባል ተረፉ፥ ድራር ተወልደ ገብረማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣስመረት ምሕረትኣብ ገብረማርያም፡ ተኸሳሲ በረኸት ኢያሱ መዛግብቲ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/7/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ መርሃዊት ሽመንዲ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋስላሴ ሃብተጋብር፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/9/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

## Vacancy Announcement

Azel Pharmaceutical Sh. Co. is inviting interested applicants for the following positions.

**AZEL PHARMACEUTICAL Sh.Co.**

| | |
|---|---|
| **1. Job Title & Number required** | **Mechanic (03)** |
| **Major duties** | ❑ Performs mechanical preventive maintenance activities according to the preventive maintenance schedule for all machines.<br>❑ Performs mechanical corrective maintenance activities.<br>❑ Helps senior technicians or engineers during preventive and corrective maintenance work<br>❑ Completes all machine and equipment mechanical maintenance logbooks. |
| **Knowledge & Skills Required** | ▪ Proficient in MS Office.<br>▪ Excellent written and verbal communication skills<br>▪ Team work and interpersonal skills. |
| **Education** | ➢ Advanced Diploma or Technical School Graduate in General Mechanics, Machine shop, or related fields. |
| **Age and Gender** | ➢ 25-50 Years, Male |
| **Experience** | ➢ At least two years of work experience as Mechanic, Machinist or related positions in a manufacturing company. |
| **2. Job Title & Number required** | **Electrician (01)** |
| **Major duties** | ❑ Performs electrical maintenance activities.<br>❑ Helps seniors electrical during preventive and corrective maintenance work.<br>❑ Practices proper utilization of tools, spare parts and consumables to obtain maximum efficiency, performance, and cost effectiveness.<br>❑ Operates generators and chillers and ensures proper supply of electricity to all machines and areas of the company.<br>❑ Completes all electrical maintenance logbooks. |
| **Knowledge & Skills Required** | ▪ Proficient in MS Office<br>▪ Excellent written and verbal communication skills<br>▪ Team work and interpersonal skills. |
| **Education** | ➢ Advanced Diploma or Technical School Graduate in Electricity |
| **Age and Gender** | ➢ 25-50 Years, Male |
| **Experience** | ➢ At least two years of work experience as Electrician, or related positions in a manufacturing company. |
| **Place of Work for both posts** | Keren |

❖ Applicants should submit their full applications including CV, educational credentials and training certificates within 10 days from the date of publication in the newspaper through the following addresses.

Azel Pharmaceutical Sh. Co. Asmara: P.O. Box 6799 Tel: 120028/120029
Azel Pharmaceutical Sh. Co. Keren: P.O. Box 89 Tel: 400234/401994

❖ Salary - Negotiable

**Note:** All applicants must have proof of demobilization or exemption from the National Service.

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ኤልፓን ስሙያት ተጻወትታን

ጋንታ ሓይሊ ኤሌትሪክ (ኤልፓ) ኣብ ግዜ መግዛእቲ፣ ሓንቲ ካብተን ብዙሓ ደገፍቲ ዝነበሩዋን ብሉጻት ተጻወትቲ ዘካተተትን ጋንታ'ያ ነይራ። ኣብቲ እዋን ከም ብዓል ኤርትራ ጫማ ፋብሪካ (ቺፓ)፣ መሎቲ፣ ፖሊስን ኣዱሊስን ዝኣመሰላ ዓበይቲ ጋንታታት'ኳ እንተነበራ፣ ብፍሉይ "ሻዕብያ" ብዝብል ቅጽል ስም እናተጸወዐት ብዓይኒ ጽልኢ እትጥመት ዝነበረት ግን ጋንታ ኤልፓ ነበረት።

ብፍላይ ምስ ናይ ጦር ሰራዊት እትውክል ጋንታ ዋልያ ግጥም ኣብ እተካይደሉ እዋን፣ ኤርትራውያን ተዓዘብቲ ከቢድዎም ሓቐፍም ነቲ ግጥም ክርእይዎ ይቕስቡ ነይሮም። ምኽንያቱ ነታ ጋንታ ኣብ እትድግፈሉ እዋን፣



ደገፍቲ ናይ'ታ ጋንታ ዝኾኑ ወተሃደራት ደርግ እናጸረፉ የፈራርሑ ስለ ዝነበሩ።

ጋንታ ኤልፓ ኣብቲ ግዜ ሕዙዮም ብዝነበረት ተጻወትቲ ወትሩ ተዘካሪት ጋንታ'ያ። ከም ኣብነት ካብ 80'ታት ክሳብ መጀመርያ 90'ታት ዝነበሩ ከም በዓል ተፈራ ጉብረክርስቶስ፣ ኣብርሃ ጉብረስላሴ፣ ሓድሽ ኣበራ (ኮረረ)፣ ኣፍሰዊር ተስፋሚካኤል ዳኘው ( ፋንጅዕ)፣ ኣፍሰዊር ሚካኤል ( በኛ)፣ የውሃንስ ተወልደብርሃን (ሻገ)፣ የማነ ካሕሳይ (ኣቻዮ)፣ በረኸት ዞሚካኤል፣ መሓሪ ፍስሃዬ፣ ተኣምራት ተስፋሚካኤል፣ መሴ ( ባሊላ)፣ ካብቶም ብዙሓት ውሑዳት ተጠቀስቲ'ዮም።

ንሎሚ ኣብ 80'ታት ህቡባት ካብ ዝነበሩ ተጻወትቲ ናይ'ታ ጋንታ ንገለ ብሕጽር ዝበለ ታሪኾም ክንድህስስ ኢና።

ኣፍሰዊር ተስፋሚካኤል ዳኘው (ፋንጅዕ)፣ እዚ ተጻዋታይ፣ ኣብ 1980 ኣብ ዕድመ መጀመርታ 20'ታት ከሎ'ዩ ናብ ጋንታ ኤሌትሪክ ተጸምቢሩ። ኣብ ልቢ ሓያሎ ኣፍቀርቲ ስፖርት ሃገርና ዘይሃስስ ክብሪ ዘለዎ ፋንጅዕ፣ ካብቶም ስሞም ወትሩ ብድምቀት ዝዝከሩ ስፖርታውያን'ዩ። ፋንጅዕ ምስ ሕርይቲ ጋንታ ኢትዮጵያ ኣብ ግጥማት ዋንጫ ኣፍሪቃ ንኽሳተፉ ካብ ዝኽኣሉ ተጠቀስቲ ተጻወትቲ



ኮይኑ፣ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ድማ ምስ ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ኮይኑ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ጋንታኡ ዓወት ክትጎናጸፍ ዕዙዝ ኣበርክቶ ዝበርከተ'ዩ።

እዚ ተጻዋታይ ኣብ ሜዳ ኩዕሶ እግሪ ብዘርእዮ ዝነበረ ሜላ ኣቀባብላ ይኹን ንተኸላኸልቲ ዘሸግሮ ዝነበረ ተኣምራታዊ ብቕዓትን ኩዕሶ ኣብ መፍጸምታኣ ንምብጻሕ ብዘርእዮ ዝነበረ ፍሉይ ክእለትን መሳጢ'ዩ ነይሩ።

ንፋንጅዕ ካብ ዳህሳስ ናብ ኤልፓ ንምጽንባሩ መሪሕ ተራ ዝተጻወቱ ናይ ሽዑ ናይ ቴክኒክ ሓላፊ'ታ ጋንታ ዝነበሩ ኣፍሰዊር ኣቶ ቀለታ ኣስፍሃ እዮም።

ኣብ 1980 ኤልፓ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ሻምፕዮን ውድድር ዋላ'ኳ ዘውዲ ሻምፕዮን ክትደፍእ እንተዘይከኣለት፣ ፋንጅዕ ግን ብዘርእዮ ብሉጽ ብቕዓት ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ክስመ ክኢሉ'ዩ።

ክሉብ ኤልፓ ኣብ 1981 ከምኡ'ውን ኣብ 1983 ኣብ ናይ ኣውራጃታት ምሕላፍ ውድድር ተዓዊታ ብምኳን ዋንጫ መላእ ኢትዮጵያ ክትዓትር ከላ ፋንጅዕ ካብቶም መሪሕ ተራ ዝተጻወቱ እዮ ነይሩ።

ተስፋሚካኤል ( ፋንጅዕ)፣ ንዘመጽኦ ኩዕሶ ኣብ ኣየር ከላ ቀለው ንኣጥቃዕቲ ብትኽክል ናይ ምቕባል፣ ብእግሩ ይኹን ኣብ ኣፍልቡ ኩዕሶ ናይ ምቁጽጻር፣ ኣሸኪታ ብምሕላፍን ብውሕልነት ሹቶ ምምዛጉብን ፍሉይ ክእለትን ሜላን ዘውንን ብሉጽ ተጻዋታይ'ዩ ነይሩ። ኣብ ሜዳ ኩዕሶ እግሪ ምስ መጻወቲ ናይ ምርድዳእ ክእለት ከም ዝበሮ'ውን ደቂ ጋንትኡ ዝነበሩ የዘንትዉ።

ኣብ 1982 ሃገራዊት ጋንታ ኢትዮጵያ ምስ ጊኒ ኣብ ዘካየደቶ ናይ መጻረዩ ውድድር መበል 13 ዋንጫ ኣፍሪቃ ብናይ ፋንጅዕ ክእለት ብሉጽ ወጽኢት ክትሕዝ ከም ዘኽኣለት'ዩ ዝነገር።

ፋንጅዕ ኣብ 1988 ካብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ጠቕሊሉ ብምስንባት ኣብ ወጻኢ ሃገር ክነብር ድሕሪ ምጽናሕ፣ ኣብ 2003 ብሃንደበታዊ ሕማም ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈልየ። ስነስርዓት ቀብሩ ድማ ኣብ ሽከቲ ተፈጺሙ።

የማነ ካሕሳይ ( ኣቻዮ)፣ ሓደ ካብቶም ንነዊሕ ዓመታት ቀንዲ ተኸላኻላይ ናይ'ታ ጋንታ ብምኳን ዘገልገለ'ዩ። እዚ ቁጽሪ 5 ማልያ ወደዩ ኣብ ቦታ ምክልኻል ዝሰለፍ ዝነበረ ተጻዋታይ፣ ኣጥቃዕቲ ኣንጻር ጋንታኡ ብቐሊሉ ዘይሰግርዎን ዘይደፍርዎን ሓያል ተኸላኻላይ ብምንባሩ'ዩ ሓይሉ ንምግላጽ "ኣቻዮ" ዝብል ሳጓ ዝተዋህቦ። ኣቻዮ ክሳብ መወዳእታ 80ታት ካብ ጸወታ ኩዕሶ ዝሰናበት ብዙሕ ታሪኽ ሰሪሑ'ዩ። ኣብ ኤርትራ ንኤሌትሪክ ወኪሉ ኣብ ዝጻወተሉ ዝነበረ ግዜ 3 ግዜ ናይ ሻምፕዮን፣ 3 ግዜ ድማ ናይ ኣውራጃታት ምሕላፍ ዓበይቲ ዋናጩ ዓቲሩ። ኣብ 1985 ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራ ንሕርይቲ ጋንታ ኣዲስ ኣበባ 1-0 ክትረትዓ ከላ ካብቶም ወሰንቲ ተጻወትቲ ምንባሩ ይፍለጥ።

የውሃንስ ተወልደብርሃን (ሻገ)፣ ቁጽሪ 3 ማልያ ወደዩ ናይ ጸጋም ናይ ክንፊ ተኸላኻላይ ጋንታ ኤሌትሪክ ብምኳን ካብ 1981 ጀሚሩ ምስ'ታ ጋንታ ተሰሊፉ ክሳብ መጀመርታ 90ታት ተጻዊቱ። ሰዓት ናይ'ታ ጋንታ ከምዝሕብርዎ፣ ካብቲ ብዙሕ ታሪኽ ሻገ እታ ብፍሉይ እትዝከር ኣብ 1982 ኣንጻር 'ምድር ጦር' ኣብ ስታድዮም ኣዲስ ኣበባ ዘካየዱዋ ጸወታ'ያ። ሻገ ኣብቲ ግጥም ኣብ ቀዓሞት ደቓይቕ'ዩ ብኸቢድ ተሰይሩ። ጋንታ ኤሌትሪክ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ሓከም ስለዘይነበራ፣ ናይ'ታ መጋጥምቶም ጋንታ ሓከም ማህረምቱ ከቢድ ስለዝኾነ ክወጽእ ሓቢሮ። ሻገ "ደቂ ጋንታይ ጉዳፈያም ኣይወጽእን'የ" ብምባል ክሳብ ጸወታ 0-0 ዝውዳእ ቃንዛኡ ተጻዊሩ ከምዝተጻወተ ይንገር።

ንምሽቱ ንሕክምና ምስ ከደ ኸኣ ክሳብ ሽዱሽተ ወርሒ ካብ ጸወታ ዝኣልዮ ከቢድ ማህሰይቲ ከም ዘጋጠሞ ኣረጋጊጽም። 12 ግዜ ድማ ጸጋማይ እግሩ ተሰፊዩ። ናቱ በሰላ ክሳብ ሎሚ ኣብ እግሩ ከምዝርአ ብጹቱ የረድኡ።

ተኣምራት ሃብተሚካኤል፣ ሓደ ካብቶም ኣብ 1983 ናብ ኤልፓ ዝተጸንበረ ጉዱም ተጻዋታይ'ዩ። ናይ ቴክኒክ ሓላፊ'ታ ጋንታ ዝነበሩ ኣፍሰዊር ቀለታ ኣስፍሃ ናብ ኤልፓ ክፈርምዎ ድሌት ከምዝለዎም ሓቢርዎ። ተኣምራት'ውን ነቲ ሓሳብ ኣይነጸጎን።

ቅድም ኣብ መስመር ምጥቃዕ ደሓር ከም ብዓል ሻገን እስቲፋኖስን ዝኣመሰሉ ናይ ጸጋም ተኸላኸልቲ ናይ'ታ ጋንታ ብማህሰይቲ መቐጸዕቲን ካብ ጸወታ ምስ በኹሩ፣ ንድሕሪት ተመሊሱ ኣብ ጸጋማይ መስመር ምክልኻል ክሰለፍ ጀሚሩ። ነታ ቦታ ጸቡቕ ስለዘመለኻ ከኣ ከም ቀዋሚ ናይ ድሕሪት ተኸላኻላይ ኮነ።

ምስቶም ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ተጻወትቲ ኤልፓ ዝነበሩ ከም ብዓል ተፈራ ጉብረክርስቶስ፣ ኣብርሃ ጉብረስላሴ፣ ኤልያስ ክፍሉ፣ ተስፋንኪኤል ዳኘው (ፋንጅዕ)፣ ኮረሪ፣ የውሃንስ ተወልደብርሃን (ሻገ)፣ በረኸት ዞሚካኤል፣ ሚካኤል በኛ፣ መሴ (ባሊላ) ዝኣመሰሉ ብሉጻት ተጻወትቲ ሓቢሩ ልምምድ ምስ ጀመረ ከኣ ዝያዳ ፍናን ተሰሚዖ።

ተኣምራት፣ ን10 ዓመታት ምስዛ ጋንታ ቀጺሉ፣ ኣብ 1993 ጸወታ ጠቕሊሉ ክገድፍ ከሎ፣ ከም ቴክኒክ ናይታ ጋንታ





ኤልፓ ኣብ 1980

ኮይኑ ምስ ኣፍሰዊር ቀለታ ሓቢሩ ሰሪሑ'ዩ።

ክሉብ ኤልፓ ኣብ 1982 'ምድር ጦር' ምስ ዝተባህለት ናይ ኣዲስ ኣበባ ጋንታ፣ ኣብ እትገጥመሉ ዝነበረት ግዜ፣ ርእይ ዓመጽ ከምዝጋጠመ'ዩ ዝዝከሮ። ነቲ ከም ዳኛ ኮይኑ ጸወታ ክዳኒ ዝተመዘዘ ኢትዮጵያዊ፣ መጠንቀቕታን መፈራርሕን ስለዝሃብዎ ነቲ ግጥም ንረብሓ'ታ ጓል ዓዱ ጋንታ ንምቕያር ብዙሕ ከም ዝጸዓረ'ዩ ዝነገር። ኤልፓ ኸኣ ብብቕዓት ዘይረትዐት ብርእይ ዓመጽ ክትሰዓር ክኣለት። ናይ ኤልፓ ጉዳይም ተጻወትቲ ነዛ ግጥም ካብ ኣእምሮኦም ፍጹም ኣይርስዕዎን'ዮም።



ብዘመሳሰሊ ኣብ 1985/86፣ ኤልፓ ኣብ ናይ ኣውራጃታት ምሕላፍ ውድድር ምስ ዋልያ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ኣብ ዝገበረቶ ጸወታ 0-0 ስለ ዝዛዘሞዩ፣ ዕወትቲ ንምፍላይ ናብ ፍጹም ቅላዕ መቐጸዕቲ ኣምረሑ። ማእከላይ ዳኛ ናይ'ቲ ግጥም ኣቶ በርሀ ጉብረማርያም ዝተባህለ ኤርትራዊ እዩ ነይሩ።

ንዳኛ፣ "ህይወትካ ከይትሰእን ገለ ግበር" ዝብል ምፍርራሕ ካብ ወተደራት ደርግ ስለዝበጽሖ፣ እቲ ግጥም ካብ ቁጽጽሩ ወጻኢ ኮነ። ምኩር ዳኛ ክሱ ብራዕዲ ዝኣክል ብዙሕ ጌጋታት ይፍጽም ነበረ።

ኣብ ፍጹም ቅላዕ መቐጸዕቲ ተጻወትቲ ኤልፓ 5 ቅላዓት ኣመዝጊቦም። ተጻወትቲ ዋልያ ሓንቲ ስለዝሰኣኑ፣ ጸወታ ክዛዘም ይግባእ ነይሩ። ዳኛ በርሀ ግና ፍጹም ቅላዕ እንደገና ክቕጸሉ ኣዘዘ። ተጻወትቲ ኤልፓ እቲ ግጥም ብዓወቶም ከምዝተዛዘመ ብድሪ ከረድኦዎ ፈተኑ። ይኹንምበር ዳኛ ክቕጸል ስለዝኣዘዘ ኣብ መወዳእታኡ ብዓወት ዋልያ ከምዝዛዘም ተገብረ። ድሕሪ'ቲ ጸወታ ዳኛ በርሀ፣ "ንገለ ፍጻመታት ሸለል እብሎ ነይረ። ሳላ ከምኡ ዝኾነ ግና ህይወት ብዙሕ ሰብ ኣድሒነ ኣለኹ" ብምባል ንሓደ ካብ ተጻወትቲ ኤልፓ ሕሹኽ ከምዝበልዎ ተኣምራት የዘንቱ።

1988 እውን ኣብ ልቢ ኣፍቀርቲ ኩዕሶ እግሪ ዘየርስዕ ትራጀዲ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ኣጋጢሙ ነይሩ። ስዕረቶም ዘይተዋሕጠሎም ደገፍቲ ዋልያ፣ ነቲ ብናይ ጹሓይን ጽላልን ትረቡን ዝነበረ ተዓዛቢ ብፍላይ ድማ ደገፍቲ ናይ ኤልፓ ተተሰኪሞም ንመረት ምድርባይ ተታሓሓዙዎ። ሓያሎ ሰባት ድማ ከቢድን ቀሊልን ማህሰይቲ ወሪድዎም ናብ ሆስፒታላት ተላእኩ።

ኣብቲ እዋን ኤልፓ ምስ ቺፖ ዝነበሮም ግጥም ብሰንኪ'ዚ ዕግርግር ተቛሪጹ። ደገፍቲ ዋልያ ዝኾኑ ጦር ሰራዊት ኑቶም ካልኣይቲ ጸወታ ንምስሳል ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ዝነበሩ ተጻወትቲ ኤልፓ ክቕትልዎም ምኽንያም ኣፈራርሕዎምን ሃደድዎም። ሽዑ ብምትሕብባር ተጻወትቲ ፖሊስ፣ ዝጠዘሉ ተጻወትቲ ኤልፓ ንህይወቶም ፈሪሖም ብፖሊስ እናተዓጀቡ ናብ መዕረፊ ቦታ ክሉብ ፖሊስ - ሓዙሓዝ ንገለ መዓልታት ከምዝተዓቑቡ ተኣምራት ይጠቅስ።

ምስ ኤርትራ ጫማ (ቺፖ) ግጥም ክህልዎም ከሎ፣ ከምዚ ሕጂ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዓበይቲ ጋንታታት ዘካይድኦ ናይ ደርቢ ግጥም'ዩ ዝኸውን ዝነበረ። ከም ወጽኢቱ ድማ ስታድዮም ኣስመራ ካብ ጽት ንጽት ብተዓዛቢ ይመልእ ነበረ።

ተጻወትቲ ዋልያ፣ ኣብ ውሽጢ ሜዳውን "ልኡኽ ሻዕብያ ክትቅተል/ክትእሰር ኢኻ፣ " እናበሉ ብጸርፊ የሸግርዎም ከምዝነበሩ ዝጠቕሰ ተኣምራት፣ ከም ብዓል ሻገ፣ ኣሴ ዝኣመሰሉ ተጋሩቕትን ደፋራትን ዝነበሩ ተጻወትቲ ኤልፓ ግና "ኣሕዋትናኮ ኣብ ኣፍደገ ኣስመራ በጺሖም ኣለዉ፣ ኑበሻካ ኣውጽእ" እናበሉ ይምልስሎም ከምዝነበሩ ይዛረብ።

**ኤርምያስ ኣስፍሃ**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ቢንያምን ሄኖክን ካልኣይ ደረጃ ሒዞም

### ቢንያም ቀጠልያ ማልያ ዓቂቡ፣ ሄኖክ ማልያ ኣንበሳ ዓቐብ ለቢሱ

ኣብ ናይ ለሚ ዓመት ቱር ዲ ፍራንስ ብዝመዝገቦ ዘሎ ዓወት ፍሉይ ኣቓልቦ ረኺቡ ዘሎ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ቢንያም ግርማይ፡ ትማሊ ኣብ ዝተኻየደ 10ይ መድረኽ ካልኣይ ተርታ ሒዙ ውድድሩ ፈጺሙ።

ቢንያም፡ ኣብዚ 187.3 ኪሎሜተር ዝሸፍን ዝበረ መድረኽ፡ ኣብ ሰዓት 43.2 ኪሎሜተር እናተሓንበበ እዩ ብ4 ሰዓት፡ 20 ደቓይቕን 6 ካልኢትን ካልኣይ ደረጃ ብምሓዝ 30 ነጥቢ ሓፊሱ።

ብዘይካዚ፡ ቢንያም፡ ኣብ መንን እቲ ውድድር ኣብ ዝበረ ናይ ነጥቢ ቅጽበታዊ ውድድር እውን ራብዓይ ተርታ ብምሓዝ 13 ነጥቢ ክረክብ ክኢሉ እዩ።

በዚ ከኣ ኣብ 10 መድረኻት ብድምር 267 ነጥቢ ብምውህላል ኒታ ኣብ ሓሙሻይ መድረኽ ዝሓዞ ቀጠልያ ማልያ ክዕቅባ ክኢሉ ኣሎ።



ኣብ ናይ ትማሊ መድረኽ ዝተዓወተላ በልጅማዊ ጃስፐር ፊልፕሰን ነጥቡ ናብ 193 ክብ ኣቢሉ ካልኣይ ኮይኑ ይስዕብ ኣሎ - ኣብ ቀጠልያ ማልያ። ጆናስ ኣብረሃምሰን ከኣ ብ107 ነጥቢ ኣብ ሳልሳይ ተርታ ተሰሪዑ ኣሎ።

ዙር ፈረንሳ ለሚ ተረርቲ ዓቐብታት ዘለዎ መበል 11 መድረኽ ክሸፍን እዩ። ኣብዚ መድረኽ ኣብ ናይ ግዜን ማልያ ኣንበሳ ዓቐብን ገለ ፍልልይ ክፍጠር ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎ። ኣብ ቀጠልያ ማልያ ግና ዘምጽኦ ለውጢ የለን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ክለብ ኣስታና ሄኖክ ምልእብርሃን ትማሊ 9 ሓምለ ኣብ ዝተኻየደት ሳልሰይቲ መድረኽ ዙር ኪንግሃይ ለክ ካልኣይ ኣትዩ።

እዛ 202.4 ኪሎሜተር ዝሸፈነት መድረኽ ናብ 14ን 16ን ኪሎሜተራት ዝንውሓተን ተረርቲ ዓቐብታት ዝሓዘት ፈታኒ መጋልቲ እያ ነይራ። ኣብ መወዳእታ ግና ብንልጎል እትዛዘም ነይራ።

ኢጣልያዊ ተቐዳዳማይ ቪ.ኤፍ ግሩፕ ማኩኤለ ታርዚ ከኣ ንሄኖክ ብቕጽበታዊ ውድድር ብምርታዕ ብ4 ሰዓት፡ 59 ደቓይቕን 12 ካልኢትን ዕወት መድረኽ ኮይኑ።

በዚ ወጽኢት፡ ብሮዜ ማኩኤለ ብ10 ሰዓት 7 ደቓይቕን 11 ካልኢትን ይመርሕ ኣሎ። ሄኖክ 12 ካልኢት ድሒሩ ይስዕብ። ኣብ ናይ ነጥቢ ማልያ፡ 13 መሳልል ዝደየበ ሄኖክ ብ22 ነጥቢ ራብዓይ ተሰሪዑ ኣሎ። 27 ነጥቢ ይመርሕ - ማኩኤሉ። ኣብ ዕረፍቲ ኣብ ሃገሩ ዝቐጸ ሄኖክ ንማልያ ኣንበሳ ዓቐብ ግና ብ16 ነጥቢ ካብ እስጳኛዊ ማሪዮ ኣፓሪሾ ተቐቢልዎ ኣሎ።

ንመበል 23 ግዜኡ ዝቐደድ ዘሎ እዚ ኣብ ቻይና ዝቕደድ ዘሎ ውድድር፡ ረቡዕ 10 ሓምለ 136.1 ኪሎሜተር ሽፊኑ ክውዕል እዩ። እዛ መድረኽ ናይ ሓደ ካታጎሪ - 27.4 ኪሎሜተር ዝንውሓቱን 5.2 ሚኢታዊት ማእከላይ ገምጋም ማጠን ምንቅስቓር ዘለዎን ኣዝዩ ተረር ዓቐብ ዝላዘለት እያ።

ሄኖክ ምልእብርሃን ዓሚ ምስ ናይ ቅድም ክለቡ ግሪን ፕሮጀክት - ባርዲያኒ እንከሎ ኣብዚ ውድድር ብዓዜ ከምዝተዓወተሉ ይዝከር። ኣብ መንእሰይ ንናይ ነጥቢ ማልያውን ለቢስዋ እዩ።



ስእሊ - ኣብ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዓወቱ

---

## እንግሊዝ - ሆላንድ

ዋንጫ ካብ ዘይዓትራ ነዊሕ ዓመታት ዘቑጸራ ሃገራውያን ጋንታታት እንግሊዝን ፈረንሳን ለሚ ምሸት ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ዩሮ 2024 ክራኸባ እየን።

እንግሊዝ እዚ ውድድር ቅድሚ ምጅማሩ እታ ዝለዓለ ዋንጫ ናይ ምልዓል ግምት ዝተዋህባ እያ። ዋላኳ ኣብዚ ደረጃ እንተበጽሐት፡ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ግጥሚታት ብዘርኣየቶ ትሑት ብቕዓት ግና፡ ብዝተፈላለዩ ወገናት ተነቒፋ እያ፡ ብፍላይ ቡየም ናይ ቅድም ተጻወትታ።

ኣብ ክለቡየም ወሰኑቲ ዝኾኑ ዓይነታውያን ተጻወትቲ እዛ ጋንታ፡ ተወሪዶም ኣዝዩ ኣዕጋቢ ወጽኢት ከምጽኡ ብዘይምኽኣሎም እዩ ቀንዲ ዝትምዮዎም። ብፍላይ፡ ኣብ ዙር 16 ብስሎቫኪያ ክሳብ መበል 95 ደቒቕ ተመሪሖም ተረፎም እናተባህሉ፡ ቤሊንግሃም እዩ - ካብ መሸንጎጣ ኸቕፈታ ኣድሒንዎም። ቤሊንግሃም፡ ብኣክሮባቲክ ብልጽቲ ሸቶ ድሕሪ ምምዝጋቡ፡ ኣብ ተወሳኺ 30 ደቃይቕ ካልኢይቲ ወሲኽም ብኢጋኡ ካብ ምውፃእ ድሒኖም።

ዓለሚ እዛ ጋንታ ጋረዝ ሳውዝጌት፡ ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓበይቲ ውድድር (ክልተ ዋንጫ ዓለምን ክልተ ዋንጫ ኤውሮጳን)፡ ብዘይካ ኣብ 2022 ዋንጫ ዓለም፡ ኣብ ሰለስቲኡ ውድድራት ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ኣብጺሕዋ እዩ። ካብዞን ቅድመኡ ዝበራ ናይ እንግሊዝ ሃገራውያን ጋንታታት እትምሰከን ጋንታ ምህናጹ'ውን ይእመኑሉ።

እንተኾነ፡ ን58 ዓመታት ዝቐጸለ ዋንጫ ኣልቦ ጉዕዞኣ መኽተምታ ክገብረሉ ብዘይምኽኣሉ፡ ምሉእነት ከልቦ ኣይክኣለን ዘሎ። ምናልባት ነዛ ናይ ኤውሮጳ ዋንጫ ከልዕላ እንተዘይክኢሉ ከኣ ናይ ሰንበታ ግዜኡ ክቃረብ ይኽእል እዩ - ብመሰረት ገለ ወገናት። እንግሊዝ ኣብ 1966 ዋንጫ ዓለም ምስ ዓተረት እያ።

እንግሊዝ ኣብ ናይ ዩሮ 2020 (ብሰንኪ ኮሮና ኣብ 2021 ዝተኻየደ) ኣብ ፍጻመ ምብጽሓን ብኢጣልያ ብፍጹም ቅላዕ ምስዓራን ይዝከር። ለሚ ተዓዊታ እንተሓሊፋ ከኣ ታሪኽ ክትሰርሕ እያ። ራብዐይቲ ሃገር ብተኸታታሊ ናብ ፍጻመ ዋንጫ ኤውሮጳ ዝሓለፈት ብምኻና። ኣቐዲመን ሕብረት ሶቬት 1960ን 1964ን፡ ጀርመን ኣብ ሰለስተ ኢጋጥሚታት 1972ን 1976ን ከምኡ'ውን እስጳኛ 2008ን 2012ን ኣኪታቲለን ሓሊፈን ነይረን። ጀርመን ኣብ 1980 ናብ መዛዘሚ ብምሕላፉ'ውን ፍሉይ ክብሪ ኣለዋ።

ድሕሪ 2004 ንፈለማ ግዜ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ዋንጫ ኤውሮጳ በጺሓ ዘላ ሆላንድ፡ ዋላኳ ኣብ ምድብ ድኻሞቲ ምንባራ እንተተገልጸት፡ ሳልሰይቲ ኮይና ድሕሪ ምሕላፉ ግና፡ ኣብ ናይ ኣውዳቕዳ ምሕላፍ ጸወታ፡ ዝሓሸ ምንቅስቓስ ኣርእያ፣ ንእትረኽበን ዕድላት ብምጥቃም ድማ ኣብዚ ደረጃ በጺሓ።

ብፍላይ፡ ኣብቲ ብቱርኪ ክሳብ 70 ደቒቕ 1-ብ0 ተመሪሓ ዝወዓለትሉ ናይ ርብዒ ፍጻመ ጸወታ፡ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 2-ብ1 ተዓዊታ ብምሕላፋ፡ ናይ ምዕዋት ዓቕሚ ካብ ዝሓለፈ ኣዝዩ ጉልቢቱን ርእሰ ተኣማንነት ኣዕቢዩን ምህላዋ ኣመስኪራ እያ።

ሰለስተ ግዜ ኣብ ፍጻመ ዋንጫ ዓለም በጺሓ ኣብ ኩሉ ዝተሳዕረት ሆላንድ፡ ነቲ ጀርመን ዘሰናደኣቶ ናይ 1988 ዋንጫ ኤውሮጳ ተዓዊታትሉ ነይራ። ድሕሪ 36 ዓመታት ኣብዚ ሃገር (ጀርመን) ካልኣይቲ ጸዋእ ክተልዕል ድማ፡ ሃንቀውታ ደገፍታ እዩ። ፈለማ ግና፡ ንእንግሊዝ ክትግልፋ ኣለዋ። እዛ ጋንታ፡ ሓሙሽተ ግዜ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ እዚ ውድድር ክትበጽሕ እንከላ፡ ብዘይካ'ታ ዋንጫ ዝዓተረትላ ናይ 1988 ውድድር፡ ኣብ ኣርባዕቲኡ ተገሊፋ እያ።

እንግሊዝን ሆላንድን ለሚ ንራብዓይ ግዜአን እየን ኣብ ዓቢ ውድድር ክራኸባ። ሆላንድ፡ ኣብ ዩሮ 1988 - 3-ብ1 ክትዓወት እንከላ፡ እንግሊዝ ኣብ ዩሮ 1996 - 4-ብ1 ተዓዊታ። ሓንሳብ ከኣ ኣብ ዋንጫ ዓለም 1990 ተራኺበን ማዕረ ተፈላልየን። ለሚ ምሸትከ?

### ህሉው ኩነታት ተጻወትቲ

ብሰንኪ መጉዳእቲ ንኣርባዕተ ቀዳሞት ግጥሚታት ዝኸሰረን ኣንጋር ሰዊስ ተቐይሩ ዝኣተወ ናይ ጺጋም ክንፊ ተኸላኻሊ እንግሊዝ ሉክ ሻው፡ ለሚ ድሉው ኣሎ። ኣንጋር ሰዊዝ ብስራሪ ፈኩሱ መጉዳእቲ ኣብ ተወሳኺ ግዜ ተቐይሩ ዝወጸ ኬን እውን ንቕዳማይ መስመር ክመርሖ እዩ። እንተ ሆላንድ፡ ዝኾነ ዝጎደለ ተጻዋታይ የብላን።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ እንግሊዝ ነዛ ጸወታ ክትዕወተላ ዝለዓለ 37.89 ሚኢታዊት ግምት ተዋሂብዋ ኣሎ፣ ሆላንድ 31.6 ሚኢታዊት።

> **መደብ ጸወታ**
>
> ለሚ
>
> ዋንጫ ኤውሮጳ ፍርቂ ፍጻመ
>
> እንግሊዝ - ሆላንድ 10፡00 ምሸት

### እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

* ማን ዩናይትድን ኣርሰናልን ንተኸላኻሊ ክሪስታል ፓላስ ማርክ ጊሂ ንምፍራም ክጸዓያ ተዳልየን ኣለዋ - ብመሰረት ጋዜጣ ዘ ሳን።

ኣብዚ እዋን ንሃገሩ ኣብ ዩሮ 2024 ኣብ ምጽዋት ዝርከብ ጊሂ፡ ካብ ጋንታኡ ንዘመጾ ሓዱሽ ውዕል ክሕጽን ከምዝኽእል እዩ ግምት ዘሎ።

* ጁቬንቱስ፡ መተካእታ እቲ ብጡዳይ ሓይሊ ዝሁብ መድሃኒት ንኣርባዕተ ዓመታት ዝተቐጽዐ ኣከፋፋሊኣ ፖል ፖግባ ንኣከፋፋሊ ኒስ ከርህር ቱራማ ንምፍራም ተቓሪባ ምህላዋ ተሓቢሩ።

እዛ ኣብዚ ሓድሽ ወቕቲ ስፖርት ብሓዱሽ ኣሰልጣኒ ቲያጎ ሞታ እትዕለም ኢጣልያዊት ክለብ፡ ኣስታት 25 ሚልዮን ዩሮ ክትከፍል ምኳና ይግለጽ። ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል ክትፈርሞ እውን እያ - ከም ጸብጻብ ጋዜጣ ፉትቦል ኢጣልያ።

ከህረር ቱራም፡ ሓው ንኣጥቃዓይ ኢንተር ሚላን ማርኩስ ቱራም ኮይኑ፡ ክልተኦም ደቂ ንናይ ቅድም ተኸላኻሊ ፈረንሳ ሊሊያም ቱራም እዮም።

ጁቬ፡ ኣቐዲማ ንኽልተ ተጻወትቲ - ንሓላዊ ልዳት ሚቸል ዲ ግሪጎርዮን ንኣከፋፋሊ ኣስቶን ቪላ ዱግላስ ሉዊስን ምፍራማ ይዝከር።

* ተኸላኻሊ ጁቬንቱስ ማቲያስ ደ ሊክት፡ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ውልቃዊ ስምምዕ ምግባሩ ተሓቢሩ።

ክልተ ናይ ማእከል ተኸላኸልቲ ንምፍራም እትሰርሕ ዘላ ማን ዩናይትድ፡ ኣብ ተጻዋታይ ንምፍራም ድሌት ባየር ሙኒክ ከተሰምር ኣለዋ። ሙኒክ፡ ካብ መሸጣ እዚ ሆላንዳዊ 42 ሚልዮን ፓውንድ እያ ትሓትት ዘላ።

እዛ ጋንታ፡ ንተኸላኻሊ ኤቨርተን ጃራድ ብራንዝወይት ንምፍራም'ውን 50 ሚልዮን ዩሮ ሒዛ ማዕጾ እዛ ክለብ ኳሕኲሓ ነይራ፣ እንተኾነ ካብ 70 ክሳብ 80 ሚልዮን ፓውንድ እትሓትት ዘላ ኤቨርተን ሕቶኣ ከምዝነጸገቶ ይሕበር።

---

## በላሚ፡ ዓላሚ ዌልስ ኮይኑ

ናይ ቅድም ተጻዋታይ ክለብ ሊቨርፑል ክሬግ በላሚ፡ ሓዱሽ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ዌልስ ኮይኑ ትማሊ ተመዚዙ።



ወዲ 44 ዓመት ክሬግ በላሚ፡ ንናይ ቅድም ወዲ ጋንታኡ ሮበርት ፔጅ ተኪኡ እዩ መዘዞት ተቐቢሉ ዘሎ። ፔጅ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ሰኔ እዩ ካብ ስርሑ ተባሪሩ።

"ንሃገረይ ክመርሓ ዕድል ምርካበይ ዝደነቕ እዩ። እታ እተኸብርዎ ህሞት እያ።" ዝበለ በላሚ፡ ንሃገሩ ክሰልጥና ናይ ወትሩ ሕልሙ ምንባሩን ንዘጦጥሞ ብደሆ ተዳልዩሉ ምህላዉን ኣፍሊጡ።

ነዛ ጋንታ ከማዕብላ ዝኽኣሎ ከምዝኸውር ዝገለጸ እዚ ናይ ኣርባዕተ ዓመታት ውዕል ፈሪሙ ዘሎ ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ፡ ዝመጽእ ወርሒ ማስከረም ኣብ ጸወታታት ኔሽንስ ሊግ እዩ ፋልማይ ጸወታኡ ክሰላስል።

እዚ ዌልሳዊ፡ ኣብ ክለብ በርንሊ ከም ተሓጋጋዚ ዓለሚ ቪንሰንት ካምፓኒ ኮይኑ ሰሪሑ ነይሩ። ካምፓኒ ዝሓለፈ 30 ግንቦት ነዛ ጋንታ ገዲፉ ናብ ባየር ሙኒክ ምስ ገዓዘ ከኣ ቀዋሚ ኣሰልጣኒ ክኸውን ተመዚዙ ነይሩ።

ይኹን'ምበር፡ ንሃገሩ ክዕልማ ብምምራጹ፡ በርንሊይ ዝሓለፈ ሰሙን ንእኩት ፓርኪይ ክትቁጽሮ ተቐሲቡ።

ካብ 1996 ክሳብ 2014 ምስ ዝተፈላለያ ክለባት ዝተጻወተ ክሬግ በላሚ፡ ንፍሉጣት ክለባት ፕሪመር ሊግ - ዌስትሃም፡ ኒውካስል፡ ዌስትሃምን ማን ሲቲን ተጻዊቱለን እዩ። ንሃገሩ ዌልስ ድማ ካብ 1998 ክሳብ 2014 ኣብ 78 ግጥሚታት ወኪሉዋ እዩ፣ ካብ 2007 ክሳብ 2010 ብመዘዞት ሓለቓ ጋንታ መሪሕዋ።

---

## ኣልካንትራ፡ ጫማኡ ሰቒሉ

እስጳኛዊ ኣከፋፋሊ ቲያጎ ኣልካንትራ፡ ምስ ክለብ ሊቨርፑል ዝበሮ ውዕል ኣብዚ ክረምቲ ዛዚሙ ድሕሪ ምውጽኡ፡ ጫማኡ ምስቃሉ ብወግዒ ኣፍሊጡ።

ኣልካንትራ፡ ኣብ ክረምቲ 2020 ካብ ባየር ሙኒክ ናብ ሊቨርፑል ምጽንባሩ ይዝከር። እዚ በሊሕ ኣከፋፋሊ፡ ኣብቶም ቀዳሞት ዓመታት ነዛ ጋንታ ልዑል ኣበርክቶ ከምዝገበረ'ውን ይእመን።

እንተኾነ፡ ኣብ ምውዳእ 2022-23 ኣብ ምሕኮልቱ መብጣሕቲ ድሕሪ ምክያዱ፡ ክሳብ ለካቲት 2024 ካብ ጸወታ ክርሕቕ እዩ ተቐሲቡ። ካብ መጉዳእቲ ሓወዩ ተባሂሉ፡ ኣብታ ወርሒ ብኣርሰናል ኣብ ዝተሳዕሩላ ጸወታ ተቐይሩ እኳ ኣትዩ እንተነበረ ግና፡ ካልእ መጉዳእቲ እዩ ገጢምዎ።

በዚ ከኣ ኣብዚ ዝተዛዘመ ናይ 2023-24 ወቕቲ ስፖርት፡ ብሰንኪ'ዚ ንናይ ጸወታ ግዜኡ ኣዝዩ ዝጸለዎ መጉዳእቲ፡ ሓንቲ ጸወታ ጥራይ እዩ ተጻዊቱ።



ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ንኸዕሶ እግሪ ከምኡ'ውን ንኹሎም እቶም ዘሰነይዎን ብሉጽ ተጻዋታይ ክኸውን ዝሓገዝዎን ወገናት ዘመስገነ ቲያጎ፡ ብሓፈሻ ኒታ ብዩርገን ክሎፕ እትዕለም ዝበረት ክለብ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ውድድራት ብድምር 98 ግጥሚታት ተጻዊቱላ እዩ።

# ዜና ወጻኢ


ሚርያም ኣብርሃም

## ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ኣብ ሩስያ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ይፍጽም ኣሎ

ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ኣብ ሩስያ ናይ ስራሕ ምብጻሕ ይፍጽም ኣሎ።

ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ንቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናረንድራ ሞዲ፡ ኣብ ከተማ ሞስኮ ወግዓዊ ኣቀባብላ ገይሩሉ። ብድሕሪ እዚ፡ ክልቲኦም መራሕቲ ንሃገራቶም ኣብ ዘገድሱን ኣብ ካልእ ኣህጉራዊ ጉዳያትን ከምእተዘራረቡ ተፈሊጡ።እቶም መራሕቲ ኣብ ርክቦም፡ ብዘዕባ ኣብ መንጎ ሃገራቶም ክህሉ ዝደልዩዎ ዲፕሎማሲያዊ፡ ቁጠባዊን ወተሃደራዊን ስምምዓት ከምእተዘራረቡ እዩ ተገሊጹ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ሞዲ፡ ድሕሪ ምውላዕ ኲናት ሩስያን ዩክረይንን ንፈለማ እዋን ናብ ሩስያ ከምዝዘሸ ጸብጻባት ይጠቕሱ።



ብመሰረት እቶም ጸብጻባት፡ ልዕሊ 40 ሚእታዊት ካብ እታው ነዳዲ ህንዲ፡ ካብ ሩስያ እዩ ዝመጽእ።

እቲ ህንዲ ናብ ሩስያ እትልእኮ ሰደድ ኣቑሑ ብምውሳኽ ድማ፡ ንግዳዊ ዝምድና ክልቲኤን ሃገራት ክብ ከምእተብሎ ቀዳማይ ሚኒስተር ሞዲ ገሊጹ።


ገለ ካብቶም ካብ ህንዲ ናብ ሩስያ ዝለኣኹ ኣቑሑ፡ መድሃኒታት፡ ናይ ፋርማሲ ኣቑሑ፡ ሓጺንን ካልእ ማዕድናትን ምዃኖም ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ሞዲ ናይ ሩስያ ዑደቱ ምስ ዛዘመ፡ ናብ ርእሰከተማ ኣውስትርያ - ቭየና ከምዝምርሕ ጸብጻባት ኣረጋጊጾም።

## ዒራቕ፡ ዝተዘምተ ቅርሲታት ተመሊሱላ

ብኣመራጽነ ካልኦት ሃገራትን ተዘምቲ፡ ዝኾኑ 181 ቅርሲታት ዒራቕ፡ ናብ መበቆል ዓዶም ከምእተመልሱ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ባህልን ዒራቕ ሓቢሩ።

እቶም ቅርሲታት፡ ናይ ጥንቲ ኣስከሬናትን ብሩራዊ ሓጺናትን ዝርከብዎም ኮይኖም፡ ኣመራጺ ኣብ 2003 ንዒራቕ ኣብ ዝወረረትሉ እዋን ዝተዘምቱ እዮም።



ቀዳማይ ሚኒስተር ዒራቕ መሓመድ ሺዓ ኣል ሱዳኒ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ዝገሸሉ እዋን፡ እቲ ኣብ እዋን ወግኢ ዝተዘምተ ቅርሲታት ክምለሰሉም ምሕታቱ ይዝከር።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ባህልን ዒራቕ ብዘወሰኾ፡ ኖርወይ፡ ጀርመን፡ ብሪጣንያን የርዳኖስን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝዘመታኦ ቅርሲታት ናብ መበቆል ዓዱ ክመልሳኦ ደጋውዕ ከምዝነበሩ ተፈሊጡ።

## ኢኮዋስ፡ ሓደጋ ምፍራስ ኣንጸላልዩዎ

ወተሃደራውያን መራሕቲ ማሊ፡ ቡርኪናፋሶን ኒጀርን፡ ካብ ቁጠባዊ ውድብ ምዕራብ ኣፍሪቃ (ኢኮዋስ)፡ ኣባልነተን ድሕሪ ምስሓበን፡ እቲ ውድብ ሓደጋ ምፍራስ ከምዘንጸላልዎ ተገሊጹ።

ፕረዚደንት ቁጠባዊ ውድብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዑመር ቶራይ፡ ምስ መራሕቲ ኣባል ሃገራት እቲ ውድብ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ናይጀርያ ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ምስሓብ ኣባልነት ናይዘን ሰለስተ ሃገራት - ነቲ ውድብ ከምዝዘሰዮ ገሊጹሉም።

ቁጠባዊ ውድብ ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ዛጊት ኣብቲ ዞባ ዝሓደ ኣብርክቶ ከምዝይገበረ ብምምልካት - ኣባልነተን ዝሰሓባ ማሊ፡ ቡርኪናፋሶን ኒጀርን ኣብ መሬተን ዓስኪሮም ዝጸንሑ ሰራዊት ፈረንሳ ክወጽኡ ምጽውዐን ዝዝከር እዩ።

እቲ ውድብ፡ ካብዚ ኣንጸላልዩዎ ዘሎ ሓደጋ ንምድሓን ዓመታዊ፡ ብውሕዱ 2.6 በልዮን ዶላር ባጀት ከምዝደልዮ እዩ ዝገልጽ።




እዚ ባጀት እዚ ኣገዳሲ ብዙሕ ምኽኑ ዝሓበረ ፕረዚደንት ኢኮዋስ፡ ንኣባላት እቲ ውድብ ዝኾና ሃገራት ካብ ዓቕመን ንላዕሊ ምኽኑ እዩ ሓቢሩ።

እቲ ውድብ፡ ነቲ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝረአ ዘሎ - ከም ዕልዋታት መንግስቲ ዝኣመሰለ ቅልውላዋት ከረጋግኦ እኳ እንተፈተነ፡ ኣብ መንጎ ኣባላቱ ናይ ሓሳብ ፍልልያት ከም እተገዳደሮ ይግለጽ።

ንኣስታት 50 ዓመት ዝቐጸለ ቁጠባዊ ውድብ ምዕራብ ኣፍሪቃ (ኢኮዋስ)፡ ኣብ ኣባላቱ ወተሃደራዊ ቅልውላው ኣብ ዝረኣየሉ እዋን ምትእትታዋት ከምዝገብር እዩ ዝፍለጥ።

## ህንዲ - ኣብያተ-ትምህርቲ ብሰንኪ ብርቱዕ ዝናብ ተዓጽየን

ኣብ ከተማ ሙምባይ - ህንዲ፡ ንዋሕ ሰዓታት ብዘዘረመ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኩለን ኣብያተ ትምህርትን ትካላት ትምህርትን ከምእተዓጽዋ ማዕከናት ዜና ኣቃሊሐን።

ብሰንኪ'ቲ ብርቱዕ ዝናብ፡ ዛጊት ኣብቲ ከባቢ ብውሕዱ 72 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ድማ ካብ ቤት-ንብረቶም ከምእተመዛበሉ'ዩ ተገሊጹ።

ብተወሳኺ ቢቲ ከቢድ ሳዕቤን ከኸትል ከምዝኸእል ዝንገረሉ ዘሎ ብርቱዕ ዝናብ፡ ትማሊ ሰለስ ጥራሕ ልዕሊ 50 በረራታት ክስረዝ እንከሎ፡ መጓዓዝያ ባቡር ምድሪ'ውን ተሰናኺሉ ከምዝወዓለ እዩ ተፈሊጡ።

ነቲ ክስዕብ ዝኽእል ሓደጋታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምውዓል ኣብ ክግዕዙ ከምዝኸኣሉ ገሊጾም።

በቲ ዝጸንሐ ዘሎ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት'ታ ሃገር ኣገልግሎት ኤሌትሪክ'ውን ከምእተቛረጸ እዮም እቶም ሰበ-ሞያ ብተወሳኺ ሓቢሮም።

ብመሰረት ጸብጻባት ሜትዮሮሎጂ፡ ኣብ ከተማ ሙምባይን ካልኦት ከባቢታትን ዝወቕዕ ዘሎ ብርቱዕ ዝናብ፡ ንዝመጽእ መዓልታት'ውን ብዙሓት መልክዑ



ዝተፈላለዩ ከባቢታት ከተማ ሙምባይ፡ ኣባላት ሲቪላዊ ድሕነትን ኣባላት ጸጥታን ተዋፊሮም ከምዝለዉ ዝጠቐሱ ሰበ-ሞያ እታ ከተማ፡ ኣብ ኣሰካፊ ከባቢታት ዝጸንሑ ነበርቲ፡ ብሓገዝ እቶም ኣባላት ናብ ውሑስ ቦታታት ክቕጽል ትጽቢያ ኣሎ።

ኣብቲ ከባቢ ዝለዓለ ናይ መጠንቀቕታ ኣዋጅ ዘመሓላልፉ ሰበ-ሞያ ህንዲ፡ ምኽትታል ኩነታት ኣየር ህንዲ፡ ነበርቲ ኩሉ ዘድሊ ጥንቃቐታት ክገብሩ ጸዊዖም ኣለዉ።

## ካሊፎርንያ - ባርዕ ጫካ ናብ መዓርፎ ነፈርቲ ልሒሙ

ኣብ ክፍሊ-ሃገር ካሊፎርንያ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝተኸስተ ባርዕ ጫካ፡ ናብ መዓርፎ-ነፈርቲ'ታ ክፍሊ-ሃገር ከምዝለሓመ ተገሊጹ።

ነቲ ባርዕ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ንምውዓል ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ ምስ ሰበ-ሞያ ሲቪላዊ ድሕነት ብሓባር ይሰርሑ እኳ እንተሃለዉ፡ ዛጊት ግን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከምዘይወዓለ እዮም ምንጭታት ናይ'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ብሰንኪ ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ መቕትን፡ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ባርዕ ጫካ ይኸሰት ከምዘሎ እዩ ዝጥቀስ ዘሎ።

እዚ ባርዕ ጫካ ክሳብ ዝመጽእ ሰሙን ክቕጽል ከምዝኽእል ዝሓበሩ ሰበ-ሞያ ኣመሪካ ብተወሳኺ፡ ኣባላት እቲ መዓርፎ ነፈርቲ ካልኦትን ጥንቃቐታቶም ክሕይሉ ጸዊዖም።

በቲ ኣብ ካሊፎርንያ፡ ኣብዚ ዓመት ዛጊት ካብ ዘጋጠሙ ሓደጋታት ባርዕ ጫካ እቲ ዝዓበየ ምኽኑ ዝንገረሉ ዘሎ ሓደጋ፡ ልዕሊ 15,600 ሄክታር መሬት ከምዝዓነወ እዩ ብተወሳኺ ዝሕበር ዘሎ።

ብሰንኪ'ቲ ተኸሲቱ ዘሎ ሓደጋታት ባርዕ ጫካ፡ ደረጃ ብቐዓት ኣየር ናይ'ቲ ከባቢ ዝተሓተ ኮይኑ ከምዝሎ ዝጠቐሱ



እቶም ሰበ-ሞያ፡ ነበርቲ ንዘርካ ናይ ምስትንፋስ ጸገማት ምእንቲ ከይቃልዑ ካብ ኣባይቶም ከይወጹ መኺሮም።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓሰርተ ዓመታት፡ ኣብ ካሊፎርንያ ሓደጋታት ባርዕ ጫካ ብዘስዓቦ ብከላ ኣየር፡ ብውሕዱ 52 ሽሕ ሰባት ሞይቶም።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ሓድሽ ዘበን | 10/7/24 | ጎደና ናቕፋ ቁ.223፡ ጥቓ እንዳ ማይራ ም ጥቓ ባር ትራስተለ | 122798 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services